ሕዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.235 ሰሉስ 2 ሰነ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ፖሊሲ ርእሰ-ምርኮሳ ኤርትራ ኣብ ምኽላስ ሃገራዊ ዝርዝር...


ገጽ 4
ዝጸገረስ ይዕወት ደኣ!


ገጽ 5
ስውኡያ ዘረባ

ገጽ 7
ምልክታ

# ኤርትራውያን ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ መበል 35 ዓመት ናጽነት ጸንቢሎም

መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ደማም - ምብራቕ ስዑድያ፡ ባሕሬንን የርዳኖስን ብድምቀት ተባዒሉ።

ማሕበረኮማት ኤርትራውያን ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ብ29 ግንቦት ኣብ ዱባይ ኣብ ዘካየድዎ ኣስታት ሓደ ሽሕ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ድሙቕ ጽንብል፡ ኣካያዲ ስራሕ ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ቈንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዱባይን ሰሜን ኢማራትን ኣቶ መሓመድ ማሕሙድ ሰሊም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን የሃናኡ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሃገራዊ መደባት ህንጸት ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ፡ ዜጋታት እጃሞም ከበርክቱ ጸዊዑ።

ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ዱባይን ሰሜን ኢማራትን ኣቶ ዑመር ማሕሙድ ብወገኑ፡ ኑቲ ጽንብል ንምምዕራግ ኣበርኪቶ ንዝገበሩ ብምምስጋን፡ ማሕበረኮም ውዳበኡ ብምሕያል ኣብ መደባት መኹተን ልምዓትን ኣበርኪቶ ክገብር ድሉው ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንኣስታት ሓደ ወርሒ ኣብ ዝቐጸለ ስፖርታዊ ውድድራት ንዝተዓወቱ ሽልማት ክዕደል ከሎ፡ ካብ ኤርትራ ዝኸደት ጉጅለ ባህሊ ድማ መሳጢ ምርኢት ከምዘቕረበት፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ29 ግንቦት ኣብ ከተማ ደማም ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ደማምን ከባቢኣን ኣቶ ጉብረመስቀል ኪዳ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንኹሉ ብድህታት ሰጊሩ ናብ'ዚ ትሰፋው መድረኽ ዝበጽሐ ሳላ ጽንዓቱን መኹተኡን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ የሃናኡ ንመንግስቲ፡ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ገሊጹ።

ኣደ-መንበር ሃማደኤ ጨንፈር ደማምን ከባቢኣን ወ/ሮ ኣብርሀት ምናሴ ብወገና፡ ዓመት መጸ ብልዑል ማዕርግ እንበዕሎ ጽንብል ናጽነትና፡ ንዝተኸፍለ ክቡር ዋጋ እናዘከርናን ቃልና ንምትግባር ሕድሪ ሰማእታት



እናሓደስናን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ከም ወትሩ ብልዑል ንቕሓትን ሓያል ውዳበን ምስራሕ ከምዝድሊ ኣገንዚባ።

ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝግሄር ድማ፡ እዚ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ብሓበንን ባህታን ንጽንብሎ ዘለና መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ፡ ፍረ ከቢድ ዋጋ ዝተኸፍሎ መኹተ ወለዶታት ከምዝኾነን ብመኹተ ወለዶታት ከምዝዕቀብን ኣረዲኣ።

እቲ ጽንብል፡ ብባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኦታት ደሚቑ ነይሩ።

ኤርትራውያን ተቐማጦ ንግስነት ባሕሬንን የርዳኖስን እውን፡ መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ብኽብ ዝበለ ኣገባብ ከምዘብዓሉ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ዓለምለኻዊ መዓልቲ 'ኣይፋል ንትንባኾ'፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪሩ

31 ግንቦት - ዓለምለኻዊ መዓልቲ 'ኣይፋል ንትንባኾ'፡ "ትካላትና ካብ ፍርያት ትንባኾ ነጻ ንምግባር ብሓላፍነት ንስራሕ" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ።




ኣብ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣማኻሪ ሕጊ ኣቶ ሃይለ ተስፋሚካኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ መደብ፡ ድሕኑቱን ጥዕንኡን ዝተሓለወ ኣፍራዩን ዕጉብን ሰራሕተኛ ንምርኣይ ከምዝኾነ ጠቒሱ፡ ናይ ሎሚ መንእሰያት ተመሃሮ ናይ ጽባሕ ሰራሕተኛታት ስለዝኾኑ፡ ሃኮሰኤ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣበርክቶኡ ንምዕዛዝ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ትንባኾን ሽጋራን ንሕማም መንሸሮ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሕማማት ሰራውር ደም፡ ወቕዒ ልብን ሓንጎልን፡ ከምኡ'ውን ምንካይ ፍርያምነትን መኻንነትን ከቃልዕ ከምዘኽእል ክኢላታት ከምዝሕብሩ ዝጠቐሰ ኣቶ ሃይለ፡ ኣብ ዓለም ዓመታዊ ኣስታት 7.2 ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ ትንባኾን ሳዕቤናቱን ከምዝሞቱ፣ ናህሪ ተጠቃምነት ትንባኾ ከምዘለዎ ምስ ዝቕጽል ድማ ኣብ 2030 እቲ መጠን ናብ 8 ሚልዮን ክዓርግ ከምዝኽእል፡ ንጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም ብምጥቃስ ኣረዲኡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ


ስእሊ. ሳሙኤል ንጉሰ

ምብህሃልን ስልጠናን ኣቶ ኣማኒኤል ግርማጼን ብወገኑ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብሓፈሻ፡ ምስ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃኮሰኤ ድማ ብኣውራ ክሰርሕ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ቀንዲ ዕላማ - ጥዕና ናይ'ቶም መጻኢ ሃገር ዝኾኑ መንእሰያት ምውሓስ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ኣብ መንጎ ን10 ትካላት ዝወከሉ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ክካየድ ከሎ፡ ኑቲ ኣጋጣሚ ዝውክል መጽናዕታዊ ጽሑፍ ብኣሃዱ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ቀሪቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ወኪል ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ኤርትራ ዶ/ር ሚሪ ስቴፈን፡ ንዕዉታት ሽልማት ዓዲላ።

# መንደፈራ - ማሕበር ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ፡ ቀረብ ጸባ ንምዕባይ ይጽዕር ከምዘሎ ገሊጹ



ማሕበር ኣፍረይቲ ናይ ጸባ ከብቲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ዝጸንሐ ሕጽረታት ብምምላእ ቀረብ ጸባን ውጽኢቱን ንምዕባይ ጻዕርታት የካይድ ከምዘሎ፡ ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ማሕበር ኣቶ ብርሃ ወልዱ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት እቲ ንኡስ ዞባ ብምህርቲ ጸባ ፍሉጥ'ኳ እንተነበረ፡ ድሒሩ ብዘጋጠመ ሕጽረት መግቢ እንስሳ፡ ቀረብ ጸዓትን ካልእ ምኽንያታትን ግና ንጥፈታት ማሕበር እናተዳኸመ ከምዝመጸ ብምግላጽ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሚኒስትሪ ሕርሻ ጹሉያዊ ጸዓት ስለዘዋደደሎም፡ ንጥፈታቶም ንምብርባር ኣበርቲዖም ይሰርሑ ከምዘለዉ ኣብሪሁ።

ኣቶ ብርሃ ኣተሓሒዙ፡ ኣብ ከተማ መንደፈራን ሓልሓለን ዝርከብ ትካላት መመስርሒ ጸባን ውጽኢቱን ቀንዲ ዓማዊሎም ከምዝኾና ብምጥቃስ፡ ኣባላት ማሕበር ህሉው ጠለብ ዕዳጋታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ፍርያቶም ካብ ከብሉ ደፋኢ ሓይሊ ኮይኑዎም ከምዘሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ በረኸት ተኸስተሰ ብወገኑ፡ ንንጥፈታት ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ከዳኽም ዝጸንሐ ምኽንያታት ንምፍዋስ፡ ብደረጃ መንግስትን ማሕበርን ዝተኻየደ ጻዕሪ ውጽኢት ይህብ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ ተጠቒምካ ቀለብ እንስሳታት ንምውሓስ ዝግበር ጻዕሪ ውጽኢታዊ ስለዝኾነ ክድፋኣሉ ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ በረኸት፡ ፍርያት ጸባ ብዝዓጸፈ ንምዕባይ፡ ኣብ ልምዓት ጀራዲን ዝተዋፈሩ ሓረስቶት ናይ ጸባ ከብቲ ከራብሑ፣ 10 ሚእታዊት ካብ ዘልምዕዎ መሬት ድማ ንሓምላይ መግቢ እንስሳ ክፈልዩ ኣዘኻኺሩ።

# ዓዲ ቐይሕ - ፕሮጀክት ማይን ህንጻ ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃን ተመሪቑ

ኣብ ደርዓ - ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ብኣስታት ኣርባዕተ ሚልዮን ናቕፋ ዝተሰርሐ ፕሮጀክት ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይን ህንጻ ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃን፡ ብ29 ግንቦት ተመሪቑ።

እቲ ፕሮጀክት ማይ፡ 375 ፊስቶ ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ዘለዎ ዒቢ ባኒካን ክልተ መከፋፈሊ ነቝጣታትን ከምኡ'ውን ምዝርጋሕ ሻምብቆታት ናብ መደበር ጥዕናን ቤት-ትምህርትን፡ እቲ ን2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዝተሰርሐ ህንጻ ድማ ኣርባዕተ ክፍልታት ምስ ሰደቓታቱ ከምዝጠቓለለ፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ደርዓ ሃለቃ መለስ ምሰሶና ሓቢሩ።

ካብ ጨንፈር ልምዓት ማይ ዞባ ደቡብ ኢንጅነር ክብሮም ምሰሮና ብዝሃቦ ዝተዋደደ ትካላት ንነዊሕ ግዜ ንኸገልግል ግቡእ ክንክን ክግበረሉ ተላቢዩ።

ናብ ካልኣይ ደረጃ ዝሓለፉ ተመሃሮ ደርዓን ከባቢኣን ናብ ከተማ ዓዲቐይሕ ተጓዒዞም ትምህርቶም ክቕጽሉ ምጽንሖም ዝሓበረ ሓላፊ ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር በየነ ተስፋይ፡ እቲ ተሰሪሑ ዘሎ ህንጻ ነዚ ዘቃልል ከምዝኾነን ዝመጽእ ዓመት ኣገልግሎት ከምዝጅምርን ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ፡ ህዝቢ ኣብ መደባት ልምዓት ንዝገብሮ ዘሎ ዕዙዝ ተሳትፎን ንዘወሰዶ ዘሎ ተበግሶን መጒሱ።

ደርዓ፡ ካብ ከተማ ዓዲቐይሕ ንሸነኽ ሰሜን 20 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ ትርከብ።

# ማእከል - ዓበይቲ ትሕተ-ቅርጻዊ መደባት ከምእተተግበረ ተገሊጹ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ናይ ናጽነት ዓመታት ዓበይቲ ትሕተ-ቅርጻዊ መደባት ከምእተተግበረ፡ ሓለፍቲ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ገሊጾም።

ሓላፊ ጨንፈር ካልኣይ ደረጃ ጽርግያታት ኢንጂነር ምስጉና እስቲፋኖስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ብልዕሊ 286 ሚልዮን ናቕፋ 131 ኪሎ-ሜተር ጽርግያታት ክጽገና ከሎ፡ ብልዕሊ 279 ሚልዮን ናቕፋ ድማ 48 ኪሎ-ሜተር ሓደሽ ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ከምእተሰርሐ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ በለዛ፡ ደርፎ፡ ማይ-ጭሆትን ጉልዒን ብድምር 24 ኪሎ-ሜተር ናይ ሓመድ ጽርግያታት ብ43 ሚልዮን ናቕፋ ክህጽ ከሎ፡ ንጢሳን ኣብ ወጻኢ ንዝኾኑ ዜጋታትን ኣብ ዝተዓደለ መሬት 1.3 ቢልዮን ናቕፋ ወጻኢ ከምእተገብረ፣ ብኣስታት 30 ሚልዮን ናቕፋ ድማ ልዕሊ 78 ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ መንገዲ ኣጋር ከምእተሰርሐን ከምእተጻገነን ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻዊ ትሕተ-ቅርጺ ኢንጂነር ኣብርሃም ዳኒኤል ብወገኑ፡ 44 ዲጋታትን 24 ራህያታትን ክስርሓ ከለዋ፡ 17 ዲጋታት ተጸጊነን መጠን ዝሕዝኦ ማይ ከምዝዐቢ ስለዝተገብረ፡ ሰፋሓት ብመስኖ ዝለምዕ መሬት ካብ 232 ሄክታር ናብ 2 ሽሕ ሄክታር ከምዝበረኸ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ጨንፈር ዲዛይንን ምቁጽጻር ኣባይትን ህንጻታትን ኣርክቴክት ማስፍን መሓሪ ብወገኑ፡ ኣብ ምጽዳቕ ንድፍን ፍቓድን ምትሕልላፍ ንብረትን መንበሪ ብቕዓትን ከምኡ'ውን ምሕደራ ፕሮጀክትታትን ምክትታል ጉዳያት ህንጻታትን ሓያል ንጥፈታት ከምእተሰላሰለ ኣፍሊጡ።

በዚ መሰረት፡ 23,858 ንድፊ ህንጻታት ክጸድቕ ከሎ፡ ልዕሊ 66 ሽሕ ናይ ጽገና ፍቓድ ከምእተዋህበ፡ 15,312 ናይ መንበሪ ብቕዓት ወረቐት ምስክር ከምእተዓደለ፡ ከምኡ'ውን ኣስታት 33 ሽሕ ድማ ንድፍታት ከምእተዳለወ ኣጺሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ 41 ኣብያተ-ትምህርቲ፡ 2 ኮማዊ ሆስፒታል፡ 3 ማእከላት ጥዕናን 7 መደበራት ጥዕናን ከምእተሰርሓ፡ እቲ ካብ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከል ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ሓጋዝ - ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን፡ ኣብ ሕርሻዊ ምርምራት ዘተባብዕ ኣበርክቶ ትገብር

ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ፡ ግብራውን ክልሰ-ሓሳባውን ምርምራት ብምድንፋዕ ዘመናዊ ንጥፈታት ሕርሻ ንምትእትታውን ንምስፋሕን ሓያል ጻዕሪ ተካይድ ከምዘላ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር መልኣከ ብርሃ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብቑዕ ሞያዊ ፍልጠት ዝዓጠቑ መንእሰያት ምፍራይ፣ እቶታውነት ሕርሻ ብመጠንን ዓይነትን ምምዕባል፣ ምህርቲ ብርትዓዊ ዋጋ ናብ ህዝቢ ምቕራብ፣ ከምኡ'ውን ጸባን ውጽኢቱን ብዘይካ'ቲ ዝፈጥርኦ ናይ ስራሕ ዕድል፡ ንተመሃሮ ግብራዊ ትምህርቲ ኣብ ምቕሳምን ፍርያተን ብርትዓዊ ዋጋ ናብ ህዝቢ ኣብ ምቕራብን ዘይነዓቕ ኣበርክቶ ከምዝገብራ ኣብሪሁ።

ብተመሃሮ ዝቐየድ ስራሕፍልጠታዊ ፈተነታት፡ ሓደስቲ ርኽበታት ኣብ ምምዕባልን ልምዳዊ ሕርሻ ናብ ዘመናዊ ኣብ ምልዋጥን ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ዝገለጸ መምህር መልኣከ፡ ብልዑል ሱ-ምግባርን ሞያን ተኸሲቶሞም ናብ ስራሕ



ንጥፈታት ምግራብ ምኪያድን በዓይነቱ ፊልሰታት ምቕራብን ካብ ቀንዲ ዕላማታት ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ዛጊት 1,096 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 2,934 ተመሃሮ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ከምዝመረቐት ገሊጹ።

ኣብ'ታ ቤት-ትምህርቲ ዝተደኮና ንኣሾቱ ፋብሪካታት ማልማሊታ፡ ከቢት፡ ከምኡ'ውን ዝዋፈሩ መንእሰያት፡ ምስ ሓረስቶት ተወዛዊዶም እቶታውነት ንምዕባይ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላቢዩ።

ኣብ 1999 ንጥፈታታ ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ተክኒክን ሓጋዝ፡ ለሚ ዓመት'ውን 127 ተመሃሮ ብኣርባዕተ ዓውድታት ሕርሻ ከተመርቕ ትሽባሸብ ከምዘላ ተፈሊጡ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**


ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጽንብል ናጽነት ፡ ኣብ ከተማታት መንደፈራ፡ባጽዕ ፡ ከረን ፡በሪኽ |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 14:25 | ጽንብል ናጽነት ታላታ ዓሸር፡ዓሊ ግድር፥ዓዲ ዑመር፡ እንጃሓይ ፡ፉንኮ ሰቲሞ |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:25 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ጽንብል ናጽነት ኣብ ንኡሳን ዞባታት፡ጋሕተላይ ፡ መትከል ፡ኣብየት፡ ላዓይተን |
| 18:30 | ጽንብል ናጽነት ኣብ ንኡሳን ዞባታት፡ጊንዳዕ፡ ደንጎሎ |
| 19:05 | ሃሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ጽንብል ቤ/ት ቛንቛ ዓረብ ከረን |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ጥዕና

## ፖሊሲ ርእሰ-ምርኮሳ ኤርትራ ኣብ ምኽላስ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት

**ሱሌማን ኣሕመድ**

ውሕስነት ጥዕና፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ መሰረታት ዕብየት ሓንቲ ሃገር እዩ። ህዝቢ ውሑስን ወጽኢታውን ኣገልግሎት ጥዕና ንኽረኽብ፡ መድሃኒት ብብደረጃኡ ብምዕሩይ ኣገባብ ብቐሊሉ ኣብ ኩሉ ትካላት ጥዕና ክረክብ ኣለዎ። “ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት” ምህላው ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ መሳርሒ ኮይኑ የገልግል። እዚ ዝርዝር መድሃኒታት'ዚ፡ ነቶም ኣብ ሃገር ንብዙሕ ክፋል ሕብረተሰብ ዘጋጥሙ ሕማማት ዝፍውሱ፡ ውሕስነቶም ዝተረጋገጹን ወጽኢታውያን ዝኾኑን መድሃኒታት እዩ ዝሓቁፍ።

እዚ ዝርዝር፡ ንመንግስትን ትካላት ጥዕናን ከም መምርሒ ብምዃኑ፡ ኣብ ዕድጊ፡ ምፍራይ፡ ምእዛዝን ምዕዳልን መድሃኒት ዓቢ ግደ ይጻወት። ብመሰረት ፖሊሲ ጥዕና ኤርትራ፡ እዚ ዝርዝር'ዚ ንኹሉ ህዝቢ ማዕረ ዝኾነ ኣገልግሎት ጥዕና ንምቕራብ ዓቢ ኣበርክቶ ኣብ ምግባር እዩ ዝርከብ። ብዘይካ'ዚ፡ ሃገራት ጸጋታተን ብግቡእ ንኽውድባ፡ ዋጋ መድሃኒት ንክቕንሱ፡ ከምኡ'ውን ህዝቢ ዝተማልአ ኣገልግሎት ጥዕና ብቐሊሉ ንኽበጽሖን ልዑል ተራ ይጻወት።

ኤርትራ፡ ከም ኣብ ኩሉ ጽላታት፡ ኣብ ዓውዲ ሕክምና'ውን ርእሰኻ ናይ ምኽኣል ናይ ነዊሕ እዋን ፖሊስ ተኸቲላ ክትከይድ ዝጸንሐት ሃገር እያ። እዚ ፖሊሲ'ዚ፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረ ኮይኑ፡ ኣብ 1983 ክፍሊ ሕክምና ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ንድፌ “መባእታዊ ዝርዝር መድሃኒታት” ኣዳልዩ ምንባሩ ይንገር። ድሒሩ ኣብ 1988፡ ብሓላፍነት ሰብ ሞያ ፋርማሲን ብወግዒ ጸዲቑ ኣብ ስራሕ ወዓሉ እዩ። እዚ ዝርዝር'ዚ፡ ኣብቲ ኣዝዩ ፈታኒ ዝነበረ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ነቲ ዝነበረ ድሩት ጸጋታት መድሃኒት ብግቡእ ንምምሕዳርን ንምክፍፋልን ዝዓለመን ነቲ ዘይሃስስ መንፈስ ርእሱምርኮሳ ዘንጸባርቕን እዩ ነይሩ።

ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1993 ሚኒስትሪ ጥዕና ነቲ ሃብቲ ተመክሮ'ዚ ምርኩስ ብምግባር፡ ቀዳማይ ሕታም ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት ብወግዒ ኣዳልዩ። ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚሩ፡ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት ምስ ግዜን ለውጢ ስነ-ፍልጠት ሕክምናን ብቐጻሊ እናማዕበለ ብምምጻእ፡ ኣብ 2025 ናይ መበል ሻምናይ ሕታሙ በጺሑ ይርከብ። እቲ ናይ መጀመርታ ሕታም (1993) ኣስታት 250 መድሃኒታት ጥራይ ጥዕና ብዕውት መንገዲ ከተዳልዎ ክኢላ ኣላ። እዚ፡ ነቲ “ርእሱምርኮሳ” ዝብል ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ብግብሪ ዘረጋግጽ፡ ንመጻኢ ውሕስነት ዝለበሰ ዓቢ ስጉምቲ እዩ።

እዞም ዝሓለፉ ክልተ ሕታማት ብኣባላት ሃገራዊ ኮሚቴ መድሃኒታትን ሕክምናን፡ ከምኡ'ውን ብዝተፈላለዩ ሃገራውያን ክኢላታት ብዘቖመ ንኡስ ኮሚቴ ምኽላስ ብዝቐደድዎ ዕቱብ ገምጋም እዮም ተዳልዮም። እዚ ኣገባብ'ዚ ነቲ ናይ ውሽጢ ዓቕሚ ካብ ምህናጽ ሓሊፉ፡ ነቲ ዝርዝር ዝያዳ ምስ ክውንነት ሃገርና ዝሰማማዕ ንክኸውን ሓጊዙ ይርከብ።

መሳርሒ ምኽላስ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት፡ ኣብ ሰፊሕ ተሳትፎን ምትሕብባር ብዙሕ ዓውድታት ሕክምናን ትኹረት ተዋሂብዎ ዝቐረበ መሳርሒ እዩ። ፈለማ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ንትካላት ጥዕና፡ ሰብ ሞያ ጥዕና፡ ጨናፍር ሚኒስትሪ ጥዕናን መሻርኽቲ ኣካላትን ኣብ ምኽላስ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት፡ ውሕስነቶምን ዝበርሆ ኮይኑ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ናብ 530 ዓይነት መድሃኒታት ክበጽሐ ኣሉ ይርከቡ። ብፍላይ ካብ ሳልሳይ (2001)ን ራብዓይ (2005)ን ሕታማት ኣትሒዙ፡ ምስ ኩነታት ዓለምና ዝዛመድ፡ ምርጫ መድሃኒት፡ ኣብ ንጹር መምዘኒታት ማለት ውሕስነት፡ ወጽኢታውነትን ዋጋን ዝተመርኮሰ ክኸውን ጀሚሩ።

መብዛሕትኦን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት ንምኽላስ ኣብ ግዳማዊ ቴክኒካዊ ሓገዝ እየን ዝምርኮሳ። ከምዚ ዝኣመሰለ ቴክኒካዊ ደገፍ ኣገዳሲ ተመክሮ ዘለዎ ኮይኑ እንተኾነ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ወጽኢቱ ነዊሕ መስርሕ፡ ምውሳን ወጽኢታትን ውሳኔታትን ምስ ሃገራዊ ክውንነት ምሉእ ብምሉእ ዘይቃዶ እዩ ዝኸውን። ሃገርና ኤርትራ ግና ካብዚ ዝኣመሰለ ሕልኽልኽ ብምውጻእ፡ ኣብ 2019 ዝቐደደቶ ሻውዓይ፡ ከምኡ'ውን ኣብ 2025 ኣብ ዝተቓንዐ ሻምናይ ሕታማት ምኽላስ “ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት” ብዘይ ግዳማዊ ቴክኒካዊ ሓገዝ፡ ብምሉእ ዓቕሚ ኤርትራውያን ክኢላታት ሰብ ሞያ ወጽኢታውነቶምን ዝተረጋገጸ ሓደስቲ መድሃኒታት ናብቲ ዝርዝር ክኣትዉ፣ ግዜኦም ዝሓለፉ ወይ ብኻልእ ሓደሽቲ ዝተተክኡ መድሃኒታት ድማ ካብቲ ዝርዝር ንኽወጹ/ ክስረዙ ሓሳባት ይቐርቡ። ብዘወሳኺ፡ ነፍሲ-ወከፍ መድሃኒት ኣበየናይ ደረጃ ትካል ጥዕና ክጥቀመሉ ኣለዎ፡ ኣየናይ ዓይነት መድሃኒትከ ህይወት ንምድሓን ቀዳምነት ተዋሂብዎ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል ኣብ ዝብሉ ነጥብታት ሓሳባት ክቐርቡ ናይ ሰለስተ ወርሒ ዕድል ይህቡ። ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት ናይ ምኽላስ ዕማማት ብድሕሪኡ ብዝተፈላለዩ ሞያታት ጥዕና ዝተወከሉ ክኢላታት ዝቖመ ቴክኒካዊ ጉጅለታት ንነፍሲ ወከፍ መድሃኒት ኣብ ከም ውሕስነት፣ ወጽኢታውነት፣ ዋጋ መድሃኒታትን ዓይነት ሕማምን ዝኣመሰሉ ረቛሒታት ተመርኲሶም ይግምግሙ። ሃገራዊ ኮሚቴ መድሃኒታትን ፍወሳታትን ናይ መወዳእታ ገምጋም ይገብር፣ ውሳኔታት ኣብ መርትዖ ዝተመርኮሱን ምስ ሃገራዊ ቀዳምነታት ዝሰማምዑን ምዃኖም የረጋግጽ።

ከም ኣብነት እንተርኢና፡ ገለ መድሃኒታት ኣብ ማእከላት ጥዕና ክወሃቡ እንከለዉ፡ እቶም ዝያዳ ምክትታልን መርመራን ዝደልዩ ድማ ኣብ ዞባዊ ወይ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታላት ጥራይ ክወሃቡ ይውሰኑ። እዚ ውሳኔ'ዚ፡ ንውሕስነት ናይ መድሃኒት፡ ኣብ ትካል ጥዕና ዘሎ ሰብ ሞያን መመርመሪ መሳርሒታትን ኣብ ግምት ብምእታው እዩ። ኩሉ እዚ መስርሕ እዚ ንጹርን ግሉጽን ብዝኾነ ስሩዕ መምርሒ ዝምራሕ ኮይኑ፡ ኣብ መወዳእታ ሃገራዊ ዋዕላ ብምክያድ ኩሎም ሰብሞያ ጥዕና ኣብ ሓደ መኣዲ ተኣኪቦም ይመያየጡሉን የጽድቕዎን።


ኣብ ምድላው ናይዚ ድሒሩ ዝተኻየደ ሕታም “ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት”፡ ሓደ ካብቲ ዝነበረ መሰረታዊ ጸገም፡ ንተጻዋርነት መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን (ኣንቲባዮቲክ) ዝምልከት ንጹር ዝኾነ ናይ ውሽጢ ሃገር ሓበሬታ ዘይምንባሩ እዩ። ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን (ማለት ባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ዕሲ ከምኡ'ውን ጽግዕተኛ) ኣንጻር መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ገጢሞም፡ ንናይ ምፍዋስ ዓቕሚ ናይቲ መድሃኒት ምስ ዘጥፍእዎ ወይ ዘጉድልዎ፡ ‘ተጻዋርነት ጸረ መድሃኒት ታህዋስያን’ ተፈጢሩ ኣሎ ይበሃል። እዚ፡ ምስ ሃገራዊ ድሌታት ዝመጣጠን ጸረ-ታህዋስያ መድሃኒት ኣብ ምምራጽ ኣጸጋሚ ገይሩዎ ነይሩ። ነዚ ጉዳይ'ዚ ንምፍታሕ፡ ኤርትራውያን ክኢላታት፡ መርትዖታት ዘለዎም ዞባውን ዓለማውን ሓበሬታ ብምእካብ፡ ግብራዊ ክኸውን ዝኽእል ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት ክመርጹ ክኢሎም። ይኹን'ምበር፡ ንመጻኢ ኣብ ዝግበር ክለሳ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒት ግቡእ ምክትታል ክግበረሉን ብዛዕባኡ ዝምልከት ኣብ ውሽጢ ሃገር ግቡእ ሓበሬታ ዝእከበሉ መንገዲ ክዳለን ከም ዘለዎ ኣገንዚቡ።

በዚ ተመክሮ'ዚ ኤርትራ ክንዮ ዶብ'ታ ዝኸይድ ኣገዳሲ ርድኢት ክትረክብ ክኢላ ኣላ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝፈረዩ ሰብ ሞያ ጥዕና፡ ብዛዕባ ኩነታት ኣገልግሎት ጥዕና ሃገርና ዝዓሞቐ ፍልጠት ስለዘለዎም፡ ካብ ናይ ደገ ቴክኒካውያን ኣማኸርቲ ዝያዳ ኣገዳስን ወጽኢታውን ውሳኔታት ንኽህቡ ኣኽኢሉ እዩ። በዚ ድማ፡ ድልዱል ትካላዊ ቅርጺታት ብፍላይ ድማ ብግቡእ ዝሰርሕ ሃገራዊ ኮሚቴ መድሃኒታትን ፍወሳታትን ቀጻልነትን ተሓታትነትን ኣብ ምዕቃብ ኣገዳሲ ምዃኑ ተረጋጊጹ። ካብዚ ሓሊፉ፡ ተሳትፎ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ ኣካላት ንዘተ ዘሁብትምን ስጡም ወጽኢት ዘለዎን ብምዃኑ፡ እቲ መስርሕ ኣገዳስነት ምትሕብባር ኣጉሊሑ ኣሎ።

ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት ንምኽላስ ዝግበር መስርሕ፡ ንርእሱምርኮሳን ንቀጻልነትን ቀዳምነት ብምሃብ ወሽጣዊ ዓቕሚ ስቡሞያ ጥዕና ኣብ ምህናጽ ዓቢ ግደ እዩ ዝጻወት። ኣብቲ ናይ ገምጋም መስርሕ ዝተሳተፉ ሰቡሞያ ጥዕና ዘርኣይዎ ተወፋይነት፡ ኣብ ምርጫ መድሃኒት ንዘውሰድ ውሳኔታት ንምምሕያሽን ንዘመጽእ ወለዶ እኹል ፍልጠት ንምስግጋርን ዘኽእል እዩ። እዚ ብተግባር ዝቐሰምዎ ልዑል ተመክሮ፡ ነቲ መስርሕ ምስ ዝኾነ ብድሆታት ክበጥም ዘኽእሎ ዓቕሚ ብምፍጣር ንኣመራርጻ መድሃኒት ኣብ ስነ-ፍልጠታዊ መርትዖ ዝተመርኮሰ ንክኸውን ገይሩዎ ይርከብ።

ኣብ ወሽጣዊ ዓቕሚ ዝተመስረተ ጻዕሪ፡ ንነዊሕ እዋን ወጽኢታዊ ዝኾነ ኣገልግሎት ጥዕና ንምርግጋጽ ወሳኒ እዩ።

**ፋርማሲስት ኑሩ ዓብዱ**
**ጨ/ኣገልግሎት መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን - ሚኒስትሪ ጥዕና**






## መልእኽቲ ሚኒስትሪ ጥዕና

### 31 ግንቦት ዓለማዊ መዓልቲ ኣይፋል ንትምባኾ

**ትካላትና ካብ ኣወለፍቲ ፍርያት ትምባኾ ነጻ ንምግባር ብሓላፍነት ንስራሕ!**

ኣብ ሽጋራን ትምባኾን ዝርከቡ መርዞማት ቀመማት ብፍሉይ ቃናን ጣዕምን ተገልቢቦም ብምድላው፡ ኣብ ዓመት ናይ ከባቢ ሸሞንት ሚልዮን ህዝቢ ዓለም ጠንቂ ሞት ኮይኖም ይቕጽሉ ከም ዘለዉ፡ እዋናውያን መጽናዕቲ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣረጋጊጾም ኣለዉ።

ወዲ ሰብ ሽጋራን ትምባኾን ክዘውትር ካብ ዝጀመር መዋእል ኣቑጺሩ ኣሎ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዝተፈላለየ ዓይነት ኣቀራርባን ተወሳኺ ኣወለፍቲ ቀመማት እናቃመመን ድማ ቁጽሪ ኣትከኽቲ እናበረኸ ከም ዝቐጽል ገይሩዎ ይርከብ። ኣብዚ ጉዳይ ቀንዲ ተዋሳኢት ወሃብቲ ዓበይቲ ኣፍረይቲ ትምባኾ ሰብ ጺጋዮም። ንሳቶም ድማ ብዘይካ መኽሰቦም ምኽዕባት ካልእ ኣብ ጥዕና ተጠቀምቲ ዘውርዶ ዘሎ ክሳብ ሞት ዝኸይድ ሳዕቤናት ኣይንታየምን'ዩ። ሕሉፍ ሓሊፉ'ም ኣብ መዕሸጊኡ ጥሮ “ሽጋራ ጠንቂ መንሸሮ'ዩ፡ ምትካኽ ቀታሊ'ዩ” ዝብል ጽሑፍ እናንበቡ ከም ዘይትገድፎ ዝገብርን እሱር ናይ ወልፊ ንኽትከውንን ኣዝዮም ኣወለፍቲ ቀመማት፡ ዓይነት ኣቀራርባን መወዓውዒ ዕዳጋን እናቐያየሩ፡ ነቲ ኣብ ሳዕሲ ዝተጠቕሰ ናይ ሚልዮናት ህይወት ጠንቂ ሞት ኮይኖም ይርከቡ። ትምባኾ ልዕሊ 4000 ንጥዕና ኣዝዮም ተጻዳእቲ፡ መርዞማትን ኣወለፍቲን ቀመማት፡ (ኒኮቲን፡ ካርቦን ሞኖኦክሳይድ፡ ካርታመን) ካልኦት ባእታታትን ክህልዎ እንከሎ፡ ካብዚኦም እቶም 50 ቀንዲ ጠንቅታት ሕማም መንሸሮ እዮም። ብሓፈሻ ድማ ከም ሸኮርያ፡ ሕማማት ስርዓተ ዙረት ደም (ወቕዒ ሓንጎል፡ ልብን ሰራውር ደምን)፡ ሕማማት ስርዓተ ምስትንፋስ (ኣዝማ፡ ዕገት ምስትንፋስ፡ ነድሪ ሳንቡእን ሻንበቆታት ኣየርን ኣብ ህጻናትን ነብሰጾራትን) ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን ሃሲያ ጽልውኡ ጎሊሑ ይርአ ኣሎ።

እዚ ብኹሉ መዳዩ ኣብ ጥዕና ደቂ ሰብ ጉድኣቱ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ፡ ብፍሉይ ቃና/ጣዕሚ ተገልቢቡ ኣብ ዕዳጋ ተጠቃምቱ ዝጸቢ ዘሎ ሽጋርን ትምባኾን፡ ሃገራት ፍሉይ ተበግሶ ወሲደን ዜጋታተን ከድሕና ውድብ ጥዕና ዓለም ብተደጋጋሚ ብዘቕርቦ ዘሎ ጻውዒት፡ ኣስታት 90 ሃገራት ተበግሶ ወሲደን ነዞም ብዝተፈላለየ ናይ መወዓውዒ ዕዳጋ ዝቐርቡ ዘለዉ ፍርያት ሽጋራን ትምባኾን ካብ ሃገረን ኣጊደንኦም ኣለዋ። ካልኦት ኣሰረን ክስዕባ ድማ ውድብ ጥዕና ዓለም ደጊሙ የዘኻኽር።

ኣብ ሃገርና'ኸ ተጠቃምነት ሽጋራን ትምባኾን እንታይ ይመስል፧ ክልዓል ዘለዎ ዘይተርፍ ሕቶ'ዩ። “ኣብ ኤርትራ ትምባኾ ንምቁጽጻር ዝወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 143/2004” ኣሎ። ኣብ ባይታ ከመይ ይሰርሓሉ ኣሎ፧ ወጽኢቱኸ፧ ብሰፊሑ መጽናዕቲ ዘድልዮ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ዞባታት ናይ ብዙሓት ኣካላት መንግስቲ ዝሳተፍዎ ብጥምረት፡ ዘዘምልከቶም ንጥፈታት ዘካይዱ ጉጅለታት ቀይሞም ስርሓቶም የካይዱ ኣለዉ። ሓደ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ግብሪ ተጀሚሩ ዘሎ፡ ኣብ ኩሉ ህዝባውያን ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ሽጋራ ምትካኽ ዝእግድ ኣብ በቦትኡ ብጽሑፍ ዝተሰቐለ ሕግታት ኣብ ተግባር ምውዓሉ ድማ ምስክር'ዩ። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ክፉት ቦታታት ዝርአ ዘሎ ምትካኽ ንኽውገድ ግና ክሰርሓሉ ዘለዎ ምዃኑ ከይዘንጋዕና፡ ንዝለዓለ ወጽኢት፣ ስድራቤት ኣብ ልዕሊ ደቆም፡ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ተመሃሮኦን ብዘዝበርክዎ ዘይተሓለለ ንቕሓትን ምኽርን ምጥቃም ትምባኾን ሽጋራን ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ክወርድ ከም ዝኽእል ብምትእምማን፡ ብመቓን ግዜን ወጽኢቱን ዝዕቀን ዘይተባተኸ ጻዕርን ገምጋምን ክግበረሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና መልእኽቱ የመሓላልፍ።

# ዝጸዓረስ ይዕወት ደኣ!

ጴጥሮስ ተፈሪ



*መሓመድኣድም መሓመድኑር፡ መሓመድኑር መሓመድ ፈጊ፡ ኣሕመድ መሓመድ ኑሓ ይብሃሉ። ሰለስቲኦም ተኸታቲሎም ኣብ 6ይ 7ይ 8ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ብምውራድ፡ ወራራት ወያነ ዝመከቱ ጀጋኑ'ዮም። ብሰሪ መግዛእታዊ ኩነታትን ሓድጊታትን ኣብ ሰራዊት'ዮም ምስ ቀለም ተላልዮም። ሎሚ ግን ብቀዳማይ ዲግሪ ተመሪቖም መምህራን ኣብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ እዚ ማእከል ይምህሩ ኣለዉ። ዝሓለፍዎ ጻዕርን ተመኩሮን ትምህርቲ ዝምልከት ኣዕሊሎምና ኣለዉ'ሞ ሰናይ ንብቡ፦*

ንትምህርቲ ሃገርና፡ መግዛእቲ ኣመና ሃሰዩዎ'ዩ። ናጽነት ምስ ኮነ'ዩ ብልዑል ቀልጣፊ ክዝርጋሕን ክሰፍሕን ዝኸኣለ። እንተኾነ ትምህርቲ ዕድመ ጸታ ዘይፈሊ ብግዜ መግዛእቲ ትምህርቲ ዝሰኣኑ ኣብ ናጽነት ዝሰጉሙ ኣለዉ። ምኽንያቱ ዕድመኻን ጾታኻን ብዘየገድስ ትምህርቲ ኣብ ዝረኸብካሉ ክትመሃር ስለዝከኣል። እዞም ዛዕባ ናይ'ዚ ጽሑፍ ኰይኖም ዘለዉ፡ ኣባላት ሓይሊታት ምክልኻል ኣብኡት ናይ ከም'ዚ ተመኩሮ'ዮም። ኣብኡት ናይ'ቲ ካብ ታሕቲ ተበጊሶም ብኣላ ጻዕሮምን ሓርኮትኮቶምን ንብዙሓት ልዒሎም ፍልጡቶምን እቶቶም ብዓቢኡ ደረጃኦም ኣበርኽምሉ ዘለዉ ጻዕሪ ትምህርቲ። እሞ ኸኣ ኣብ ሓይሊታት ምክልኻል ብምዃን ካብ ኩነስ ብኸመይ ዝበለ ጻዕርን ሓርኮትኮትን በጺሖሞ ይኾኑ።

"ዕድመይ ንትምህርቲ ኣብ ዝኣኸለሉ ናደው እዝ ስለዝፈረሰ'ሞ ከባቢና ድፋዕ ስለዝኾኑ ክሳዕ ናጽነት ዝኸውን ኣይተመሃርኩን። ኣብ 1992 እየ ኣብ ከረን ትምህርቲ ጀሚረ ክሳዕ'ታ ናብ ሳዋ ዝወረድኩላ ከኣ ራብዓይ ክፍሊ በጺሐ" ይብል። ኣብ ን/ዞባ ሓመልማሎ ከባቢ ፖኒፈሎም 'ግሬሻ' ኣብ ትብሃል ዓዲ ተወሊዱ ዝዓበየ መሓመድ ኣድም።

ኣብ ን/ዞባ ኣፍዓበት ኣብ ኣዘሃራ ካብ ሰበኽ ሳግማውያን ስድራቤታት ዝተወለደ መሓመድኑር'ውን ትምህርቲ ክጅምረሉ ዝግባእ ዝነበረ 1991 እኳ እንተነበረ፣ ቡቲ ሓደ ኣብ'ቲ ከባቢ ናይ ትምህርቲ ዕድል ስለዘይነበረ፡ ላዕልን ታሕቲ ናይ ሰበኽ ሳግም ህይወት ከኣ ቡቲ ኻልእ፡ ትምህርቲ ምስ ተኸፍተ'ውን ንኽመሃር ዕድል ኣይረኸበን። "ዋላ'ውን ስድራቤታትና ክንመሃር እንተደለዩና፡ ምስ'ቲ ጥራት ሒዝካ ሳዕሪ ናብ ዘለዎ ኽየው ነጀው ምባል ኣይመቸኣን። በዚ መሰረት ከኣ ክሳዕ 1997 ናብ ሳዋ ዝወረደላ ቀለም ዝበሃል ከምዘይተንከፈ ይገልጽ።

ጸላኢ ንኹሉን ኣብ ኩሉን ኤርትራ ዝነበረ ዜጋ ጥዑም ኣይነበረን። እቲ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይምላው ዳርጋ ኣብ ኩሉ ክፍሊ ሃገርና'ዩ ነይሩ። ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ን/ዞባ ኣራዕታ ካብ ጢያ ንደቡባዊ ምብራቕ ኣብ እትርከብ ገጠር ተወሊዱ ዝዓበየ ኣሕመድ'ውን ተመሳሳሊ ኣጋጣሚ'ዩ ዘለዎ። 1998 ናብ ሳዋ ክወርድ እንከሎ ጥር ትብል ፊደል ትኹን ኣሃዝ ይፈሊ ኣይነበረን። "ናብ ሳዋ ዜሮ ክፍሊ ሒዘየ ወሪደ" ክኣ ይብል።

እሞ ጉዕዞ መጻእታዊ ህይውቶም ከም'ዚ ካብ ኩኑ እዚ ሕጂ በጺሐሞ ዘለዉ ቀዳማይ ደረጃ ዲግሪ ደኣ ብኸመይ በጽሒዎ፣ ንህርኩት እንታይ ይጨንቐ እንደዩ፡ እቲ " ናብ ሳዋ ዜሮ ክፍሊ ሒዘ'የ ወሪደ" ዝበለና ኣሕመድ፡ ኣብ ሳዋ ዝተማህሩ ብዙሓት ደቂ ጋንታኡ ረኸበ። ሳዋ እትው ካብ ዝበለላ ከኣ ኣርእዩኒ እናበለ፡ ንሳቶም ዝጹሓፉሉ ፊደላትን ኣሃዛትን እናጸኸነ፡ ሓርኮትኮት ክብል ከም ዝጀመረ'ዩ ዘዘንቱ። ታዕሊም ተወዲኡ ገለ ገለ ፊደላትን ኣሃዛትን ኣለልዩ፡ ኣብ እዋን ርሱን ኩነታት ካልኣይ ወራር፡ ናብ ሓይሊታት ኮር 161 ተወዘዐ። ኣብኡ ከይዱ'ውን ኩናት ዝግ ኣብ ዝበለሉ፡ ንብጾቱ ኣርእዩኒ እናበለ ኑቲ ኑብሰኻ ምምዕባል ኣይገደፎን። ገለ ፊደላት ትግርኛ፡ ገለ ፊደላት እንግሊዝ፡ ገለ ኣሃዛትን ኣርባዕተ ዓይነት ኣገባባት ቁጽሪን እናርኣዩዎ ከሎ፡ ክሳዕ 2002 ብዘይ ስሩዕ ትምህርቲ ከንብብን ክጽሕፍን ከምዝኸኣለን ዳርጋ ናብ ደረጃ ሳልሳይ ክፍሊ ከምዝበጽሐን የረድእ።

እቲ ምስኡ ኣብ ሓደ ኣሃዱ ዝነበረ መሓመድኑር'ውን ተመሳሳሊ ተመኩሮ'ዩ ዘለዎ። ንሱ'ውን ብኸም'ቲ ናይ ኣሕመድ መንገዲ'ዩ ኑብሱ ክምህር ዝጀመረ። ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ወራር ወያነ ሓሊፉ፡ ስሩዕ ትምህርቲ ኣብ ትሕቲ ገረብ ክፍልሙ እንከለዉ ከኣ ካብ ዜሮ ተበጊሱ ምጽሓፍን ምግባብን



ምምህር መሓመድኑር ፈጊ

መሊኽዎ ነይሩ። "ክጽሕፍ ኣለኒ፡ ከንብብ ኣለኒ፡ ከም ሰብዩ ክኸውን ኣለኒ ዝብል ኒሕ ስለዝሓዞኩስ ብጾት ዘዘጹሓፉሊይ እናጸናዕኩ'የ ነታ ጀማሪ ትብሃል ሰጊረያ" ይብል። ስሩዕ ትምህርቲ ምስ ተጀመረ ኸኣ ድሕሪ ክልተ ሰሙን ፍልጠቱን መንፈዓቱን ዝረኣዩ መምህራኑ፡ ናብ ቀዳማይ ክፍሊ ከምዝዘለልዎ'ውን ይሕብር።

ሰለስቲኦም ደቂ ሓደ ኣሃዱ ማለት ናይ ክ/ሰራዊት 11 እዮም። ኑቲ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ 4ይ ክፍሊ ቡብሸነኾም ምስ በጽሑዎ፡ እቲ ክ/ሰራዊት ካብ 5ይ ክሳዕ 8ይ ተምህር ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ምስ ከፈተ ኣብኣ ተራኺቦም። ካብ'ተን ክልተ ናይ 5ይ ክፍሊ ከኣ ኣብ ሓንቲኣን ደቂ ክፍሊ ኰይኖም። እሞ ብድሕሪኡ'ኸ፧

መሓመድኣድም ከዘንቱ እንከሎ፡ ኣብ ቦርዲን ክ/ሰራዊት ንነዊሕ ብሓደ ከምዝቐጸሉ ዋላ ኣብ ደረጃታት'ውን ይመዓራረዩ ምንባሮም ድሕሪ ምግላጽ "ሕማቓት ተመሃሮ ኣይነበርናን። ንኑብስና ክንንእድ ኢለ ኣይኮንኩን፣ ቅዱስ ምትህልላኽ ነይሩና'ዩ። ንኣብኑት 5ይ ክፍሊ ንመሃረሉ ኣብ ዝነበርና፡ ናይ ነጥቢ ተቐራራብኑት ነይሩና። ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ኣነ 1ይ ኣሕመድ 2ይ ንወጽእ። ስለ'ዚ ኣሕመድ ብባህሪኡ



መምህር መሓመድኣድም መሓመድኑር

ክቕድም እምበር ክቕደም ፍቓደኛ ኣይኮነን። 'ቀዲምካኒ ኢሉኒ'፡ እወ ቀዲመካ ኢለዮ፣ ኣይክትቕድመንን ኢኻ ኢሉኒ። ብኡ መሰረት ከኣ ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር ቀዲሙኒ ተጋላቢጥና። ኣብ ዝቐጸለ ብስራሕ ስለዝተፈላለና ንሱ ብዘለዎ ኣነ ብዝነበርኩዎ ቀዳሞት እናወጻእና ወዲእናዮ" ይብል።

ኣሕመድን መሓመድኑርን'ውን ነዚ'ዮም ዘራጉዱ። ኑናቶም ዓይነት ትምህርቲ ሓላፍነት ብምውሳድ የጽንዑ። ብሓባር ከኣ ይትንትንዋ፣ ብድሕሪዚ እቲ ደቂቕ ፍልልይ ኣብ ፈተና'ዩ ዝመጽእ። ብኸምዚ ካብ ሓሙሻይ ክሳዕ 8ይ ካብ 1ይ ክሳዕ ሳልሳይ ብልጫታት እናወሰዱ ከምዝወድእዎ፡ ካብ ምሕር ምቅርራብን ምድግጋፍን ዳርጋ ናብ ደቂ ሓንቲ ስድራ ከምዝጸረዩ የዕልሉ። እቲ ቅዱስ ቅንኢን ምትህልላኽን ከምዘበርተዖምን ናብ ብቕዓት ከምዘምጽኦምን ይገልጹ።

ድሕሪ 8ይ ክፍሊ ምብጽሖም፡ ኣብ ኣሕደርቲ ቤት ትምህርቲ ክፍለ ሰራዊት ካብኡ ንላዕሊ ስለዘይነበረ "ካብ'ዚ ንላዕሊስ ኣይንቕጽልን ኢና" ዝብል ስክፍታ ገበሩ። ውሽጣዊ ድሌቶምን መንፈሶምን ግን ፍጹም ኣይዓረበን። ብተስፋ ተጸበዩ። ኰይኑ ከኣ ንተስፋኦም ትምልእ፡ ጉዕዞኦም ተቐጸለ ካብ 9ይ ክፍሊ ንላዕሊ ተምህር ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ብዮንባር ደረጃ ተኸፍተት። ቀዲሙ ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ ዕድል ዝረኸበ ኣሕመድ መሓመድ ኑሓ'ዩ። ብድሕሪ'ዚ መሓመድኑር፡ ኣብ ሳልሳይ እግሪ ከኣ መሓመድኣድም ናብ'ታ ቤት ትምህርቲ ተላኢኹ።

በቢኣንፎም 9ይን 10ይን ተማሂሮም ከኣ፡ ኣብ11 ክፍሊ ተራኺቦም። ካብ'ዚ እዋን ከኣ ምስ ከምኣቶም ዝኣመሰሉ ብጾቶም ብምዃን ዕላማ ከምዘቐመጡን ንዕኡ ንምውቃዕ ዓቕሚታቶም ብምውህሃድን ናብኡ ብምቕናዕን ክሰርሑ ከምዝጀመሩን የብርሁ። እዚ ምውህሃድ ብጽቡቕ ውጽኢት ናብ 12 ክፍሊ ኣሰገሮም። ኣብ ዓሰርተ-ክልተ ክፍሊ'ውን ብጅካ'ቲ ናይ ግዝእ ርእሶም ዝተወደበ ኣጸናንዓ፡ ምሉእ ዓቕሚ መምህራን እንተኾነ ናብኣቶም ስለዝቐነዐ ሳላ'ዚ ዘይጽንቀቕ ሓገዝ መምህራኖምን ጻዕሮምን ምስ ካልኦት ብጾቶም ናብ ኮሌጅ መሕለፊ ነጥቢ ረኸቡ። ብኣላ ኣቐዲሞም ዘጥረዩዎ ናይ ኣጸናንዓ መደብ ልዑል ዝኾነ ርእሰ ምትእምማን ሒዞም ከኣ ናብ ኮሌጅ ዓዲ ቐይሕ ተጓዕዙ። ኮሌጅ'ከ ከመይ ጸንሖም፧

እቲ ኣብ ኮሌጅ ዝጸንሖም ቀዳማይ ፈታኒ፡ ምስ ተመሃሮ ዘለዎም ናይ ዕድመ ፍልልይ ዘምጽኦ ናይ ባህሪ ፍልልይ'ዩ። የግዳስ ነዚ'ውን እናለመድዎ ከዱ። እንተ ንትምህርቲ ዋላኳ በበይኑ ዓውዲ እንተሓዙ፡ ኣብ'ቲ ክራኽቦም ዝኽእል ናይ ሓባር ብሓደ ይሰርሑ። ካልእ ዕድል'ውን ኣጋጢምዎም'ዩ። "እታ ዓባይ ስድራቤትና" ኢሎም ዝገልጽዋ ኣሃዱኦም ተቐይራ ናብ'ቲ ከባቢ ሓሊፋ ጸኒሓቶም። ስለ'ዚ ብንዋት ኮነ ብገንዘብ ክንዮ ንትምህርቲ ንኻሂኦም ከይተረፈ ብዙሕ ትሸፍነሎም ስለዝነበረት ከኣ ዳርጋ ኣብ ግዝኦም ምስ ስድራቤቶም ኰይኖም ከምዝተመሃሩ ገይሮም ይገልጽዎ።

ብዙሕ ሱብ ምስዓበኻን ናብራ ምስመስረትካን ምምሃር ምስ ናብራን ሓዳርን ስለ ዘተኣሳስር ከም ዘይከኣል'ዩ ዝቑጸር። የግዳስ እዚኣቶም'ውን ተመርዕዮም ስድራ መስሪቶም'ዮም ዝመሃሩ ነይሮም። ዋላ'ውን ኣብ ሰራዊት፡ ካብ ዝተሓተ ክሳዕ ዝለዓለ ግንባር'ዩ ዝሸፍና። ኣብ ስራሕ ሃሊኻ ኣብ ትምህርቲ ሃሊኻ ትኽሰርን ተጥፈኦን ስለዘየለ ዝያዳ ኣብ ትምህርቲ ክትህሉ የርብሕ። ብዙሕ ንስድራቤትካ ትብድለሉ የለን።

ካብ 5ይ ክፍሊ ጀሚሩ ብዓል ሓዳር እንከሎ ከምዝተማህረ ዘዘንቱ መሓመድኣድም ብዛዕባ ሓልኪታት ማሕበራዊ ህይወት እንኪገልጽ "ክልተ ነገራት ኣብ ሓደ ግዜ ክርከቡ ኣይክእሉን'ዮም። ምርጫ ወይ ቀዳምነት ክህልወካ ኣለዎ። ኣየናይ ምርጫ'ዩ ክርበሓካ ዝኽእል ንዕኡ ምውሳድ'ዩ። ንትምህርቲ ቀዳምነት ክንሰርዖ እንከለና ክስገሩ ዝነበሮም ነገራት ነይሮም'ዮም። ስድራቤታት'ውን ነዚ ተረዲኦም ንደቀቕቲን ክስገሩ ዝነበሮምን ይሓብኡዎም። ውራይ እንተጋጢሙ ናብ'ቲ ንኹልና ዝጥዕም ግዜ የሰጋግርዎ" ይብል። ኣሕመድ'ውን "ሰበይቲ ትሓምም ቈልዓ ይሓምም ግና ዳሕራይ ምስ ሓለፈ ኢኻ ትፈልጦ" ብምባል'ዩ ስድራቤታቶም ንዝነበረን ጾርን ዝገበረኦ ደገፍን ዘብርህ። እንተ ተረዳዲኣካሉ ከም ዝሰገር ከኣ ኩሎም ይሰማምዑ።

**ተሰጊሩ ከኣ ኣብ 2025 ናይ ኮሌጅ ጻንሖቶም ዛዚሞም ናብ'ታ ዘምሃረቶም ቤት ትምህርቲ ብጾቶም ንኽምህሩ ተመሊሶም። እሞ ሞያ ምምህርና'ኸ ከመይ ጸንሖም፧**

ምምህርና፡ ድሮ ተመሃሮ እንከለዉ ኑቲ ብመምህራኖም ዝወሃቦም ኣገባብ ኣመሃህራ ፈሊጦም ስለዝሓለፉ ኣይከበዶምን። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ኑቶም ጸርም ተሰኪሞም ከምዝመሃሩ ዝገበሩ ብጾቶም ክምህሩን ሞሳኦም ዝኸፍሉሉ ዕድል ብምርካቦምን



መምህር ኣሕመድ መሓመድ ኑሓ

ብምሉእ ልቢ ምቕባሎም ቀዳማይ ስጉሚ ኩነሎም። ስለዚ ድሮ ናይ ዓመት ትምህርቲ 2025/2026 ዓመት ምምህርናኦም ዛዚሞም ኣለዉ። ዕላሎም ክዛዝሙ እንከለዉ ከኣ እቲ ዝለዓለ ሞሳ ናታቶም ጻዕሪ ዘይኮነ ንኹሉ ኣብ ምምሃሮም ኢዱ ዝሓወሰ ውልቀሰብን ኣካልን'ዮም ዝሁብዎ።

ን25 ዓመት'ዮም ከይተሓለሉ እናቋረጹ እናቐጸሉ ኣብዚ በጺሖም። ምብትታኽ ኣየሰልከዮምን ኣየሕመቐምን፣ ስለምንታይ፧

እቲ ንኽንመሃሩ መመሊሱ ኒሕ ከምዝጉብሩ ዝጉብር ዝነበረ ክገልጹ እንከለዉ "ድፋዕ ገዲፍና ኢና መጺእና። ክንሸፍና ዝነበረና ቦታ ብብጾትና'ዩ ዝሸፈን ነይሩ። ብዋጋ ብጾትና ኢና ተማሂርና። ብፍላይ ኮሌጅ ኣብ ዝኣተናሉ 2020 ኣሃዱና ናብ ኩናት ክኣቱ እንከሎ'ሞ ቅሩብኑትና ኣብ ዘረጋገጽናሉ፡ ትም ኢልኩም ተመሃሩ ኢሉ'ዩ መሊሱና። ስለዚ እዚን ካልእ ክንሓልፎን ክንስከሞን ዝግባኣና ዝነበረ ዝተሰከሙልና ብጾት ይረኣዩና'ሞ መመሊስና ሓላፍነታውያን ክንከውን ንግደድ ነይርና። ክሳዕ ካብ ጁባታቶም ኣዋጺኦም ኣጅኺም ዝብሉ መጋድልቲ'ዮም ኣብ'ዚ ኣብጺሖምና። እቲ ንዘኾነ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ማዕረ ዕድል ዝሁብ መንግስቲ፡ እቲ ኣባላቱ ንኽማዕብል ሰለም ዘዩብል ሚ/ምክልኻል'ዩ ኣብ'ዚ ኣብጺሑና። ልዑል ምትብባዕ ግንባርናን ኣሃዱናን ስድራቤትናን'ዩ ኣሰጉሙና'ሞ ንኹሎም ልዑል ምስጋና ይብሉ።

ኣስዒቦም ኑቶም ከምኣቶም ዝኣመሰሉ ገና ኣብ ትምህርቲ ዘለዉ ብጾቶም፡ ካብ'ቲ ንሳቶም ናብዚ ንምብጻሕ ብዝሓለፍዎ ነዊሕ ግዜ፡ ብዝሓጸረ ክመሃሩ ስለዝኽእሉ፡ ዝረኸብዎ ዕድል ክጥቀሙሉ ተላብዮም። ምኽንያቱ ይብሉ "ናጽነት እዚ መኣዲ ዕድል እዚ'ያ ክትቕርበልካ ትኽእል፣ ከመይ ትቕበሎ ግን ናትካ ጻዕሪ'ዩ" ብምባል ይድምድሙ። ብሩኽ ቅንያት ናጽነት!



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ስውያ ዘረባ

ኣቐድም ኣቢሉ፡ ኣብዚ ዓምዲ'ዚ ብዛዕባ "ጭኡታታት ግጥሚ" ዝገልጽ ጽሑፍ ኣቕሪብና ነይርና። ኣብቲ ጽሑፍ፡ ኻፍሲ-ወከፍ ጸሓፊ ትርጉም ናይ ኻፍሲ-ወከፍ ዝጥቀመሉ ቃል ኣብ ግምት ኣእትዩ ከም ዝጽሕፍን ድምጺ (sound) ናይ ኻፍሲ-ወከፍ ቃል ኣብ ግምት ከም ዘእቱን ኣሕጺር ኣብልና ጸሒፍና። ብፍላይ ገጠምቲ ድምጺ ዝመርጹዎም ቃላት ይምርምሩ እዮም። ናዕታ፡ ረምታ፡ ቅኝጻት፡ ተምሳሌት፡ ቅጂላ . . . ዘፈጥሩሎም ቃላት ኣብ ምምራጽ እውን ፍሉይ ኣተኩሮ ይገብሩ። ቃላት ናይ ጉዚኡ-ርእሶም ዜማ/ድምጺ ኣለዎም፣ ገለ ዝያዳ ዜማውያን ኮይኖም ይኽእሉ። ኣብ ስነ-ግጥሚ፡ ድምጽን ትርጉም ቃልን ተመሳሳሊ ዝኾኑ (እቲ ቃል ካብ ድምጺ እንስሳታት ወይ ነገራት ዝመንጨወ ክኸውን እንከሎ) ስሙ-ጽርሒ (onomatopoeia) ይበሃል። ንኣብነት ኣብ ቛንቋ ትግርኛ፡ 'ኳኸ'፡ "ቱግዙግ፡ 'ቶግ'፡ "ኛው"፡ "ሸውሸው"፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ቃላት ካብቲ ዝወክልዎ ነገር ዝፈለቑ እዮም።

ጸሓፍቲ፡ ንትርጉም ናይቲ ቃል ምስ ዝወክሎ ድምጺ ብምንጽጻር ይርእዩዎ። 'ብሰንኪኺ ልበይ ቶግ ኢላ!' ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ዘላ 'ቶግ' ምስቲ ቶግ ዝብል ድምጺ ተተኣሳሲ ተኣሳሲራ እያ ትርጉም እትህብ። ኣብ ኣእምሮ ድማ ቀልጢፋ ምስሊ ትፈጥር። ኣብ ግጥሚ ይኹን ስዲ ጽሑፍ ስሙ-ጽርሒ ኣገዳሲ ኮነ ኣንቢቡ ድምጺ ብቐሊሉ ንኽርድኦ ይሕግዞ። ኣብነት፤ ደሚቕ ሰማያዊ ባድላ ዝተኸደነ መንእሰይት ብጥቓና ሓሊፋ፣ ኣብ መዓጥቓኣ ዘንጠልጠለቶ መፋትሕ፡ 'ጭል፡ ጭል፡ ጭል' ዝብል መዚቃዊ ድምጺ ሃበና።

ኣብዚ፡ እቲ 'ጭል' ዝብል ቃል፡ ንኣንባቢ ዝፈልጦ ድምጺ ኣብ ምቕራጽ ይሕግዞ። ነቲ ዝበረ ኩነታት ብዝያዳ ንኽርድኦ ድማ የኽእሎ። ሓንቲ ኣደ፡ ንወላዳ ትም በል ክትብሎ ደልያ 'ኢሰስስ' ምስ እትብሎ፡ ኣንባቢ ወይ ሰማዒ ነቲ 'ኢሰስስ' ዝብል ዝምጠጥ ቃል፡ ትም በል ማለት ምዃኑ ብቐሊሉ ይርድኦ። መመልከቲት ጽባዒት ኣብ ከንፈር ለጊባ ምስ ዝበሃል ከኣ ዝያዳ ስእላዊ መግለጺ ይህልዎ። ብዘይ'ቲ 'ኢስ በል' ዝብል ድምጺ እውን 'ሰቕ በል'፡ 'ትም በል' ዝድኑመጽ ቛንቋ ምዃኑ ርዱእ ይኸውን።

ቃላት ገጠምቲ ወይ ጸሓፍቲ ብሓፈሻ ስእሊ ኣብ ኣእምሮ ንኽፈጥሩ ስለ ዝሕረዩ ከምኡ ዓቕሚ ዘሎዎም ቃላት ኣብ ምምራጽ የድህቡ። ካብ ተራ ኣቀራርባን ተራ ዘረባን ፍልይ ዝበለም ድማ ኣብ ኣመራርጻን ኣሰዳድቓን ቃላትን ምሉኣት ሓሳባትን ስለ ዝረቐቑ እዮም። ወህደት ሕብርታት ዘይፈልጥ ቀባኢ፡ ክህሉ ከም ዘይብሉ፡ ድምጺ ቃላት ዘይስተብሃል ገጣሚ ከኣ ክህሉ የብሉን። ኣንባቢ ካብቲ ዕዮ ጽሑፍ እንታይ ፍሉይ ነገር'ዩ ክረኽብ፤ ካብቲ ተራ ሰብ መዓልታዊ ዝብሎ ዝፍለ፡ ጽባቐ ዝመልኦ፡ 'ዋው!' ዝብል ነገር ኣሎዎ ድዩ፤ ቃላት ዋዛ ኣይኮኑን! ከም ጸሓፍቲ ማህደረ-ቃላትና ከስፍሕን ኣብ ግቡእ መዓልኦም ከነውዕሎምን ሞያዊ ግዴታና'ዩ። "ደቂ ሰብ ካብ ሳቕና ወይ በዓቲ ወጺኦም ናብ ሰማይ ጠሚቶ'ሞ፡ 'ዋው!' በሉ፤ 'ዋው!' ከኣ እታ ናይ መጀመርታ ግጥሚ ኮነት፡" ከም ዝበለ ክሊፍቶን ዝተባህለ ሰብ ኣብ መጽሓፍ "ኢይሞተን መርሃዊ" ተጠቒሱ ኣሎ። ርግጽ'ዩ፤ ንፈለማ እዋን ካብ በዓቲ ወጺኦካ ሰማይ ዝኣክል ሰፍሓት ምስ ረኣኻ 'ዋው!' ክትብል ዝደርኸኻ'ዩ። ሓንቲ ውሸጥኻ ዝረኸበት ግጥሚ ምስ ኣንበብካ ድማ "ዋው! ከምዚኺ ኣሎ ድዩ!" እንተ ኣቢላትካ ናይ ኣማን ግጥሚ እያ ማለት'ዩ። "እምበር፡ ሎሚ ደኣ እቲ ዘረባና ይሓይሽ ካብቲ ግጥምኹም" ምስ ዝበሉ ሓደ "ተዋዛያይ" ኣብ ብዙሕ ተሰማሚዐ'የ። ብኸምኡ'የ ዝኸውን ዘይገጥም።

ንዓዖት ጸሓፍቲ፡ ነቲ ዘልዕሉዎ ዛዕባ ኣንበብቶም ብዘተሓለየ ኩርናዕ ሓደሽ መረዳእታ ከም ዝርእዩዎ ይገብሩ። ንዓዖት ጸሓፍቲ ኢና ንብል ዘለና። ዘይንዓዖት ጸሓፍቲ ድማ ብንጹሩ'የም። ነቲ ርዱእ ከም ዘለዎ የቐምጡዎ፣ ግደ ሓቂ ትሕተ'ቲ ንበር ወረዶም የድከሙዎ'ውን። ሓደ ካብቲ ዝበለጸ ኣገባብ መግለጺ ትርጉም (meaning) 'ስውያ ዘረባ' ምጥቃም'ዩ። እዚ፡ ከም ንጽጽር (simile)፡ ኣስተሰብእኦ (personification)፡ ተምሳሌት (metaphor)፡ ኣጋንኖ (hyperbole) ዝኣመሰሉ ጭኡታታት የጠቓልል።

ጭኡታታት ስነ-ጽሑፍ ብሓፈሻ ይትረፍ ጸሓፍቲ ኣንበብቲ እውን ክፈልጡዎም ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ምስትምቓር ናይቲ ዘንበቡዎ፡ ዝሰምዑዎ፡ ዝርእዩዎ . . . ስነ-ጥበባዊ ዕዮ ብዙሕ ነገር ክሕግዞም ይኽእል'ዩ። መጭኡታዊ ኣፍልጦ ዘሎዎም ኣንበብቲ፡ ንኣብነት፡ ብሬክሲቲ ጸሓፍቲ ኣይታለሉን፣ ንደቆም ጥዑይ መጽሓፍ ኣብ ምግዛእ'ውን ኣይሸገሩን። ማለት፡ መአረቢ ናይ ብተልመዴን ዝተሓተመ ኣይገዝኡን፣ "እዝስ ኣይጠቕምን'ዩ" ክብሉ ክእለትን ድፍረትን የጥርዩ።

ከም'ውን፡ ኣብ ዝቕጽል ብዛዕባዚን ዝጠቐስኩወን ስውያ ዘረባ (figures of speech) ሓጺር ክብል'የ። ሰናይ።

**ኢሣብ ግርማይ**

## ቀሊልነት (simplicity)

ክትጽሕፉ ምስ ረኣኹ፡ ጸሓፊ፡ ጸሓፊ ከኣ መጽኣኒ፡ ደቀይ። እንታይ እያ'ሞ ክጽሕፍ፤ እዞም ኣብ ጋዜጣ ዝጽሕፉሰ ተዓዲሊሎም፡ እቲ ንዓይ ዝኣብዮኒ ሓሳባት ውሕዙውሕዝ ኢሊሎማስ ዝ. ገጽ ምልእ የብሉም። እቐንኡ፡ እፍትን'የ'ኮ፣ እጀምረልኩም። እጽሕፍ፡ እጽሕፍ. . . እንተ ርኣኹ ግን፡ ብዙሕ ዝበልኩ እናመሰለኒ፡ ፍርቂ ገጽ'ኳ ኣይበጽሕን። ናይ ብዙሒ ገጻትዶ ትብሉም፤ ኣይመስለንን። መልእኽቲ ናይቲ ጽሑፍ'ባ ቀንዲ ኣገዳሲ። ብኸምኡ'ዩ መሰለ ኩልና ሓጸርቲ ጥቕስታት (quotes) እንፈቱ እብል - ሓጸርትን ቀለልትን ግን ከኣ ባሕሪ ምሉእ መልእኽቲ ሓዚሉ። ቀሊልዶ ኢለ ሓቀይ፤ ሕጂ መጽኣ ሓሳብ፡ እዛ "ቀሊል" እትብል ቃል ናብ ቛንቋ እንግሊዝኛ ክትትርጎም እንከሎ፡ "Simplicity" ኢያ። እዛ ቃል'ዚኣ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣዝዩ ዝፈተኹዋ ቃል ኮይና ኣላ። ኣብ ኩሉ'የ ድማ ዘእትዋ ዘለኹ - ከምዚ ዳዶ። ምክብድ ኣይፈቱን እየ፣ ይትረፍ ንቐሊል ነቲ ከበድ'ኳ ከቕልሎ እየ ዝፍትን። ኣብ ናይ ኣቦና ተከኤ ተስፋይ መዝገበ-ቃላት ትግርኛ-ትግርኛ እዛ ቃል'ዚኣ ከምዚ ትትርጎም፤ 1) ግርህነት፤ የዋህነት፤ ቅንዕና፤ ድግነት፤ 2) ተራ ምዃን፤ ዘይምትሕልላኽ፤ ቀሊልነት፤ ፈኲስነት፤ ፍኽሶነት፤ ቅልለት (ናይ ኣቃዋውማ)። እዚ ኣብ ቦታኡ እንከሎ፡ ናተይ መግለጺ ድማ፤ ምቹእነት፤ ዘይምኽብባድ፤ ብዓብኡ ድማ ምዕባለ ኣለ ክገልጻ እፈቱ።

ንህይወት ባዕልና ኢና ቀላል እንገብራ ወይ እነቐልላ። ተጨኒቕካ መፍትሒ ምርካብ፡ ተጸጊምካ ሓገዝ ምሕታት፡ ክትሰምዖ ደሊኻ ምዝራብ፡ ኣይደለኻን ኣይፋል ምባል፡ ኣይመችኣካን ጌዲፍካዮ ምኻድ፡ ሰብ ኣፍቂርካ ናይ ልብኻ ምግላጽ፡ ክትወሃብ ደሊኻ ምሕታት (Ask and it's given) እኮ ተባሂሉ'ዩ፣ ሰብ ከይብለና ክንብልን ብናይ ካልኦት ርእይቶ ክንጭነቕን ግን ሓደሽ ጸገምን ጭንቀትን ነምጽእ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኩሉ እንገብሮን እንሓስቦን ንስለ ሰብ እናኾነ ይመጽእ ብምህላው፡ ኣብ ናይ ሓሶት ዓለም ንነብር ኣለና ዝብል መረዳእታ ኣለኒ። እዚ'ዩ መሰለ ዓበይቲ ሓሳባት ካብ ምሕሳብ ዝዕንቅፈና ዘሎ። ከምቲ ዝበሉዎ፤ "ብሉጽ ኣተሓሳስባ ዘሎዎም ሰባት ብዛዕባ ሓሳባት ይዛረቡ፣ ማእከላይ ኣተሓሳስባ ዘሎዎም ብዛዕባ ፍጻመታት ይዛረቡ፣ ድኹም ኣተሓሳስባ ዘሎዎም ድማ ብዛዕባ ካልኦት ከምኡ'ውን ሰባት ይዛረቡ።" ህይወትና እትቐልል፡ ካብቶም ቀዳሞት እንተ ደኣ ኴንና ጥራይ እዩ - ብዛዕባ ሓሳባት እንዛረብ ሰባት ምስ እንኸውን።

እንፍጽሞም ነገራት ከፋፊልና፡ ማለት፡ ኣከዳድናና፡ ኣመጋግባና፡ መደብና፡ ወዘተ ኢልና ክነቕልሎም እንተ ጀሚርና፡ ኣብቲ ናይ ምቕላል መስርሕ ህይወት ትቐልል። ቢታ ቀዳመይቲ ክጅምር'የ፤ ኣከዳድናና። ኣብ ሓደ መርዓ፡ መሓዛ ቀጽሪ ግዲ ኮይኑ ዝ. ኣልባሳትና ኣጸቢቕ ክስተብሃሉ ቀንዮ። ብመርዐት ክጅምር፤ መጀመርታ ክነርድኦ ዘለና፡ መዓልቲ መርዓና ፍልይትን ኣገዳሲትን ኮይና፡ መቒኣና፡ ተደሲትና ክነውዕላ ዘለና መዓልቲ እያ። ስለምንታይ ኢና ግን ምኻድን ምስዕሳዕን ዘኽልኣና ሽሎን ጫማን ገዲርና፡ ኣብ ክንዲ ናይ ልብና እንሰዕስዕ፡ መርዓትን መሓዛትን ብዛዕባ'ቲ ሽሎ ክንቸግሮም ክንሕዝን ንውዕልን ንሓድርን ዘለና፣ ንሕሊዶ ይኸውን ወይስ መሓዛትና ክንዲ ገለ ዝኸውን ሽሎ ገዲራ ዘይተመርዓወት ከይብሉና፣ ንሕሊ እንተ ኮይኑ'ውን'ኮ ብሰንኪ ግዚፉ ዓቕልና ዘጽብበልና ሽሎ ገዲርና ብኸመይ ክንሰሕቖን ጽቡቕ ስእልታት ክትርፍን ኩልና ምስ ቅርጺ ሰብነትናን መልክዕናን ዝኸይድ ዝተፈላለየ ቅዲ ኣሎና፣ ንዓኺ ዘጸብቐትልኪ ንዓይ ኣይተጸብቐለይን ትኸውን፣ እንገብሮ ቅዲ ክዓን ምቹእነት ዝፈጥረልና ክኸውን ግን ኣሎም። ቅልል ዝበለ (simple) መመላኽዒ፡ ምግባር፡ ፍኹስ ዝበለ (simple) ኩዕን ምኹዓን፡ ንበር (simple) ምምሳል. . . ናይ ባዕሉ ጽባቐ ከም ዘሎዎ ክምስክር እደሊ። ግድነት ኣይኮነን ስጉምቲ ኩሉ ዝገበሮ ክግበር ዘለዎ። ኣኻ ኣኻ'ዩ። ኣነ ክመስል ድማ ኣሎኺ፣ ቀላል።

ህርድግ ኢሉዶ ናብ ኣከዳድና ኣትየ፣ ኣይኩሓስኩሉ ድቃስ እንደየ ሰኣነ ቀንጸ፣ እምበር፡ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ነገርሲ ዘይምኽብድ (ቀሊልነት) ኣብ መደብና እዩ ነይሩ። ኣብ ህይወትና መደብ ስራሕና ምኻድ፡ እቲ ቀንዲ ንህይወት ቀላል (simple) ዝገብራ እዩ። ቀዳምነት ምስራዕ፣ ግዜና ምኽባር፣ ረብሓ ዘይብሎም ነገራት ምውጋድ፣ ንዘገጠመና ነገር ሓላፍነታውያን ምዃን፣ ናይ በይንና ግዜ ፈሊና ህይወትና ክትምዕበለ እትኽእል መገዲ ምንዳይ፣ ኣፍሰና ምፍቃር፣ ንጸገማትና ኣብ ክንዲ ምውጋድ ረጊእና ምፍታሕ፣ . . . ካብዮም ጭንቀትን ጸገምን ዘቃልሉ ንጥፈታት እዮም። ንኻልኦት ኣብ ዘይጎድእ፡ ንፍስና ቀዳምነት ካብ ምስራዕ ዝቕልል ነገር'ሞ እንታይ ክህሉ'ዩ፣ እዚ ድማ ንሕበሩ ኢልካ ክንገብር ምስ እንጅምር ጥራይ እዩ ክዉን ዝኸውን። ሽዑ፡ ክንሓስብ ንጅምር፣ ኣደህቦና ኣብ ትርጉም ዘሎዎም ነገራት ይኸውን፣ ህይወትና ትቐየር፣ ኣፍረይቲ ዜጋታት ድማ ንኸውን።

ንፍሰኻ ቀድሚት ምስራዕ ማለት ድማ፡ ኣብ ውልቃዊ ረብሓ ምትኳር ዘይኮነ ኣብ ኣበርክቶን ኣፍራይነትን ምስ ዝኸውን'ዩ ዝያዳ ዘድምዕ።

ዘይሓስበኩዎ፡ ዓብይ ኣርእስቲ ኣልዒለ። በሉ፡ ገጽ ክመልእ ክብል ከይህወትት፡ ነቶም ፈላጦትን ሓሳባት ከውሕዙ ዘይጸግሞምን ሰባት ክገድፈሎም። ዘይትኽእሎ ነገር ኣይክእሎን'የ ምባል ንዝገራት የቐልሎም እምበር ኣይሓላልኾምን እዩ'ሞ፡ እዛ ብዮኽመይ ዝሰደልኩም ዘለኹ ጽሕፍቲ ንኽትርድኣ "ቀላል" ኮይና ክትረኽብዋ ተስፋ እገብር።

ነገራት ኣይተኽብዱ፣ ኩሉ ነገር ምስ ዘይተኽብዶ ቀሊል እዩ።

**ሰኒት ኣብርሃም**

## ኩርናዕ ግጥሚ

### ቅኒት ድሕሪ ኩናት

ከንደቕድቕ ጸኒሑ መዳፍዕ ኣጽቂጡ
ነጋሪት ናይ ኩናት ቃናኡ ለዊጡ
ሻምብቆ ብረታት ንታሕቲ ሰፊሉ
ህልም ይበል እምበር 'ታይ ክናፍቐሉ!

ዝገረመኒ ግን ካብ ኩሉ ኩሉ. . .
ድምጺ ናይ ክራረይ ኣብዩኒ ለዚቡ
ቅኒት ድሕሪ ኩናት ከመይ ድዩ ቃናኡ፧

ክራረይ. . .
ሰቒለኪ'ሞኒ ኣብ መንደቕ ገዛና
ሓመድ ክበልዓኪ ምስ ረኣኹ ግና
ንዒ ደኣ ንዒ! ንዕኒ ክራረይ!
ንስኺ ትብልዮ ክንደይ ኣሎ ኣብ ከብደይ።

ክራረይ. . .
ጅማትኪ ወጢርኪ ኣድርስሎም ድርሳን
ኪዲ'ሞ ብጽሒዮ መቓብር ብጹኣን
ረኣይዮ'ሞኒ ቤቶም ትሕቲ ምድሪ
ቅኒት ድሕሪ ኩናት ጌርኪ'ሞ ከርሪ
ንብዓት ኣንጥብሎም ውዑይ ንብዓት ፍቕሪ
ሰፈሮም ከብቁል ቀያሕቲ ፍዮሪ።

ክራረይ. . .
ኳሕኩሕኪ እተዊ ብጽሒ ገዛ-ገዛ
እህታ ነክይላ ብቐስታ ብላዛ
ንሰይቲ ኣድመቕም እንተላይ ንወዳ
ሞያኡ ነጊርኪ ደብስዮ ከርሳ
ንብዓታ ኣንቅጽዮ ብውዳሰ ኣንበሳ።

እቶም ኣነ ዝርእዮም ንሶም ዘይርእዩኒ
ዘኾድዱ ዝነበሩ ትማሊ ብወኒ
ነተን ሽኮ እግረን ትማል ዝዘለላ
ዘይከም ሸው ሎሚ ዓዲ ዝወዓላ
ሕላይ ሕለይሎም ክራረይ ናይ ዓላ
ስሞም ኣግዝፍዮ 'ቶም ዝወዓሉላ።

ኣብ ኣፍላን ኣብ ክፍላን ኣብ ሸዊት ዕድመኦም
ቋሕ ክትብሊ ዓዶም ዝሃቡኺ ዓይኖም
ነታ ዘንድድ ንብዓት ዘውሓዘት ኣዴኦም
ነቲ ውሒጡዎ ሰም ዝበለ ኣቦኦም
ኣውዲኽካ ትወድኽ ኢሎም ክኾርዑሎም
ምስቁምቋም ገዲፍኪ መዝሙር ዘምርሎም
ክራረይ. . .።

**በየነ ሃይለማርያም**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ናህም ዑቕባሚካኤል ዘርኡ፥ ተኸሳሲ ስመረ ምስጉን ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ወ/ሮ ራሄል ንጉሰ ዑቕባሚካኤል፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሱራፍኤል ተስፋይ ሃይሉ ዘሎ ናይ ፍትሕ ጉዳይ፥ ተጸዋዒ ኣቶ ሱራፍኤል ተስፋይ ሃይሉ፥ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ስዕዲ መሳ ሐሴን፡ ኣቦይ መሳ ሐሴን ሓሰን ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ስተንስአ እምባየ ሰጊድ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ገብረ ዓብደላ ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

እዝዮኣምን ታፍላ ገብረያሰስ ምባል ተረፉ፥ ንኣምን ታፍላ ገብረያሰስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሪ ሃይለማርያም መንገሻ ኣቶ ኣለም ሃይለማርያም መንገሻ፡ ንማሽም ዝምልከት ጉዳይ ምስ ፍ/በ/ማሳል ኣቶ ሰለሙን ተስፋይ ኣስገዶም ኣብ ቤ/ፍ ደርሕ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ፍናን ተስፋይ ገብረማስቀል ምባል ተረፉ፥ ዲቮራ ተስፋይ ገብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ተጸዋዒት ወ/ሮ ስተልበናት ሓሰን ዓብደልቃደር፡ ብኣመልካቲት ፋጥማ ኣደም ዓብደልቃደር፡ ንጉዳይ ውክልና ምስራዝ ዝምልከት ምልክታ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ፊልሞን ኣብርሃም ዑቕባስላሴ ምባል ተረፉ፥ ሮቤል ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ስላስ መሻሽ ተኸሉ፡ ኣደይ ዝፋን ገብረእዝጊ ሓምቢር ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ 1ተተኻኢት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣቶ ኣላይ መረሰዕ ፍቓዱ፥ ኣደይ ኣበባ ስብሃቱ ኪዳን ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ብሩኽ ሄኖክ ገብሩ፥ ኣቦይ ሄኖክ ገብሩ ኣብርሃ ስለዝሞተ፥ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ስዩም ሓድጉ ተስፋይ፥ ኣደይ ትብለጽ ፍጡር ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ጸሃይቱ ዑቕባጽዮን ገብራይ ምባል ተረፉ፥ ጸሃይቱ ዑቕባጽዮን ገብረት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሚጀር ርግኣት ገብረማስቀል ንጉሰ፥ ኣቦይ ገብረማስቀል ንጉሰ ግደ ስለዝሞተ፥ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኤደን ኤፍሬም የሴፍ፡ ብርኸ ክፍለ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ስምሃር ተኣምራት ገብረእየሱስ፥ ኣደይ ዛይድ ህብትእዝጊ ካሕሳይ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳራ ተላ ገብረክርስቶስ፡ ብዓል ቤተይ ተኽላይ ንጉሰ ተላ ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ዶክተር የገን ህብቴስ ወርዕሱ፥ ሓፍተይ ኣብርሀት ህብቴስ ወርዕሱብ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወረ/ፍ/ሄር ጸሃይ ጺጋይ ተኪኤ ዝኾንኩም፡ ኣቶ የውሃንስ ጸሃየ ጺጋይ፥ ወ/ሮ ሄለን ጸሃየ ጺጋይ፣ ናይ ምቕሊት ውርሲ ክርክር ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ሃይለ ዑቕባሚካኤል ገብረመድህን፥ ተኸሳሲ ኣቶ ክፍላይ ዑቕባሚካኤል ገብረመድህንዘሎናይስምምትሕልላፍ ጉዳይ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ክፍላይ ዑቕባሚካኤል ገብረመድህን፥ ንጹር ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቁ.41 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሄለን ገብረህይወት ኣርኣያ፡ ዓባየይ ወ/ሮ ዘማም ወልደማርያምን ኣሞይ ኣልጋሽ ኣርኣያን ስለዝሞታ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ማሳል ወ/ሮ ሃይማኖት ተኽለማርያም፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ኣለን ሰለሙን፥ ንፈጸሚ ዝምልከት ጉዳይ ክሲ ተኸፊቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ፋና ሃብተስላሴ ኣባይ፥ ብዓል ቤተይ ተጋ/የሴፍ ገብረማርያም ስለዝተሰውአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕላድ

ሮዳስ ቴድሮስ ፍስሃ ምባል ተረፉ፥ ኤዶም ቴድሮስ ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለም መንግስትኣብ ክፍሉ፡ ብዓል ቤተይ ዞሚካኤል ወልደሚካኤል ዞሚካኤል ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ነጋሬኣብ፡ ኣሞይ እዝግሃርያ ሃብተማርያም ንጉሰ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዘበሻ ጎሉ መለሱ፡ ጓለይ ዲናር መልኣከ ጊላሚካኤል ስለዝተሰውአት፡ ኣነ ምስ 2 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተኽለማርያም ተስፋሃንስ ተወልደመድህን፥ ኣደይ ሚዛን ገብረክርስቶስ ገብረድንግል ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዝር እድሪስ ማሕሙድ፡ ስም ኣደይ ማርያም ማሕሙድ ምባል ተረፉ፥ መርየም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ቢንያም ዛይድ መሻሽ ምባል ተረፉ፥ ቢንያም ዛይድ ኣባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ለተሃንስ ዑቕቡ፡ ብዓል ቤተይ ስለዝተሰውአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ሃዳሉ መንግስትኣብ ወልደስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ተኽልኣብ ዘርኣይ ስብሃቱ ስለዝተሰውአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጉዕሽ ሃብተሚካኤል ተስፋሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣማረ ኣብርሃ ናይዝጊ ስለዝሞተ፥ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ፈቓደ ተፈራ፡ ኣደይ ሃይማኖት ገብረ ገብረማርያም ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለቱ ተስፋስላሴ ሰቓር ምባል ተረፉ፥ ለቱ ተኪኤ ሰቓር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኤደን ሃብቶም ክፍሊት ምባል ተረፉ፥ ኤደን ሃብተ ክፍሊት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ንዕማ ዜን መ/ድ ኣደም ምባል ተረፉ፥ ኣሸዓ ኣዜን መ/ድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምና ጣህር መሓመድ ምባል ተረፉ፥ ኣምና ጣህር መሓመድሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምና ማሕሙድ ዑመር፡ ስም ኣደይ ሳዕድያ ሳልሕ ማሰናይ ምባል ተረፉ፥ ሳዕድያ ሳልሕ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ፈረጅ ዓብደላ መሓመድ ምባል ተረፉ፥ ፈረጅ ዓብደላ ዓሊ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ነጃት መሓመድ ኣሕመድ ምባል ተረፉ፥ ነጃት መሓመድኣሕመድ ኢብራሂም ዓብደል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ልቺ ተሰፋዝጊ ወልደየሱስ ምባል ተሪፉ፡ ሉቺ ተሰፋእዝጊ ወልደየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሓዋ ኣሕመድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሓዋ መሓመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መሓመድ ኢብራሂም ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ጀማዕ መሓመድ ኢብራሂም ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

መርያም ሳልሕ ዓብደላ ምባል ተሪፉ፡ ዓውድያ ሳልሕ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ዓሊሓሰን ሳልሕ ዓሊሓሰን ምባል ተሪፉ፡ኣልሓሰን ሳልሕ ኣልሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ማሕመድ ዒሳ ሓጂ ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ዒሳ ወሃጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ነቢል መ/ድ ነሲብ ምባል ተሪፉ፡ ነቢል ደብዑይ ነሲብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ራሓብ መሓመድ ነሲብ ምባል ተሪፉ፡ ርሓብ ደብዑይ ነሲብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኣሚራ መ/ድ ነሲብ ምባል ተሪፉ፡ ኣሚራ ደብዑይ ነሲብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ረገደ መሓመድ ነሲብ ምባል ተሪፉ፡ ረገደ ደብዑይ ነሲብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

እድሪስ መሓመድ ነሲብ ምባል ተሪፉ፡ እድሪስ ደብዑይ ነሲብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ርያት መሓመድ ነሲብ ምባል ተሪፉ፡ ርያት ደብዑይ ነሲብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡
ሰሚራ ሓጂ ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ሰሚራ ኣልሓጅ መ/ድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኤሸን ሙሉጌታ ወልደኣብ ምባል ተሪፉ፡ ኤሸን ሙሉእ ወልደሰሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኤልዳና ሙሉጌታ ምባል ተሪፉ፡ ኤልዳና ሙሉእ ወልደሰሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ሰዒደ ዓብደላ ዒሳ ምባል ተሪፉ፡ ሰዒድ ዓብደላ ዒሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ መድህን ወልዱ ልጃም፡ ብጓል በተይ ሓደጉ ሃብተሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

የማነ መዓሾ ኣርዓዶም ምባል ተሪፉ፡ የማነ ንጉሰ ማዓሾ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ናስር ኣሕመድ ዛይድ ምባል ተሪፉ፡ ናስር ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

መርሃዊ ጉብረሃንስ ኣስገዶም፡ ስም ኣደይ ምሕረት መሳሃን ጊላዝጊ ምባል ተሪፉ፡ እዝየዝርያ ተወልደ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ሳልሕ ኣቡበከር ካምጥ ምባል ተሪፉ፡ ኣደም ኣቡበከር ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ምሕረት ብርሃ ሃብቱ፡ ስም ኣደይ ብርኽቲ ግደ ማና ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሃት ግደ ማና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኢስራኣ ሓሰን ኣደም ምባል ተሪፉ፡ ኢክራም ሓሰን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኣቶ ኮዳይ ከሰተ ዘራያዕቆብን ወ/ሮ ጉብርኤል ኢያኣብ ሃይለን፡ ወድና ሰሎሙን ኮዳይ ከሰተ ስለዝዓሰወ፡ ወላዲ ስለዘይብሉ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ሓብስ መሓመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ሓብስ ኣደም ሐሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ወልደሚካኤል ወልዱ ጉብረክርስቶስ ምባል ተሪፉ፡ ሚካኤል ወልዱ ጉብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ት/ዕድመ ሻም ሚሮን ጉብረትንሳኤ፡ ኣቦይ ሚሮን ጉብረትንሳኤ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

---

ኣነ ኣቶ ደብረጽዮን ሃብተሚካኤል ግደ፡ ዝ. ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ኣስመራ ምምሕዳር ን/ዞባ ጎዳይፍ ከቢ ቀሓውታ ዞባ 3 ምም/11 ጎደና 716-16 ፕሎት ቁጽሪ 47 ፓርሰል D ዝርከብ፡ ካብ ነፍ/ሰራጅ ቃሰም ህያቡ፡ ብሕጋዊ መንገዲ ዝዓደግክዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ናብ ስመይ ብምሽጣ ክመሓላለፈለይ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እየ ዝብል እንተሎ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ (ሓደ ወርሒ) ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ንብረት መመዝገቢ (ካዳስትራል ኦፊስን) ይቐረብ፡፡

ኣቶ ደብረጽዮን ሃብተሚካኤል ግደ
ብወኪል ኣቶ መንግስትኣብ ጉብረሚካኤል ወልዱ

---

ብስም ነጂብ ንጉሰ ተወልደመድህን ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋዒን ASL00043205 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ሞንሎ ቁ.ገዛ 93 ዝርከብ ናይ ደኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ልዋም ጎይትኦም ተመልሱ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 116-1 ቁ.ገዛ 106 ካብ ዕለት 01/03/2026 ክሳብ ዕለት 28/02/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ነጂብ ንጉሰ ተወልደመድህን
ሕጋዊ ወኪል ፊሸን ተወልደመድህን ጉብሩ

---

## ሓራጅ

ኣብ መንን ብፍ/በ/መሰል ንግስቲ ስዩምን ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ኑቢያት ስዩም +10ን ዝዘበረ ክርክር ናይ ወረስቲ ጉዳይ፡ ቤት ፍርዲ ብዕለት 19/03/2012 ቁ/መዝ 129/2012 ዝተወሃበ ትእዛዝ መሰረት ብምግባር፡ ነቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ገዛ ጥንዳ ጎደና ኢራ ቁ/ገዛ 20-22 ቁ/ሎታ 80 ፓርሰል A ዝርከብ ህንጻ 4 ቀንዲ ክፍልታት 3 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ ዘጠቓልለ ኮይኑ፡ እቲ ህንጻ ኣብ 300 ት/ሜ ዝተደኮነ እዩ፣ ብዘለዎ ግምት ዋጋ 225,348.73 (ክልተ ሚእትን ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ኣርባዓን ሸሞንተን 73%) እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ'ቲ ዝካየድ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ክውዳደር ይኽእል፡፡ 1/4 ናይ'ቲ መጠቕሲ ዋጋ ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ BOOK (ተጠራቃሚ ሕሳብ) ሒዙ ብምቕራብ ክሳተፍ ይኽእል፡፡ ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ ጀሚሩ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤት ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ብንጹር ብምጽሓፍ የእቱ፡፡

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ቁ/64 ቀሪቡ ይወከስ፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ኣየቋርጽን እዩ፡፡


ዕለት ሓራጅ፡- 16/07/2026
ቦታ ሓራጅ፡- ላ/ቤ/ፍርዲ ዝበን መጋቢያ ቁ/27
ሰዓት ሓራጅ፡- 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ

---


## ሓደስቲ መጽሓፍቲ NEW BOOKS

**ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ**
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream): *English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*
2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream ): *English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*




**ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡**

- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቕ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ፡፡ 07151337/07282165

# መዘናግዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ዓይነታት ዕርክነት

"ዓርኪ፡ እቲ ብዙሓት ክልንትናኻ ኣዐርዩ ዝፈልጥን ዝያዳ እናፈተወካ ዝኸይድን ሰብ እዩ" ብምባል እዩ ኣልበርት ሃባርድ ዝገልጾ። ዕርክነት ኣገዳሲ ዝምድና ደቂ ሰብ እዩ። ማሰርሕ ምጥራይ ብሉጻት ኣዕሩኽ፡ እቲ ዝበለጸ መርኣያ ዕወት ህይወት ደቂ ሰብ እዩ። ስለ ዝኾነ ከኣ ማስዋእቲ ይሓትት እዩ። ዝምድናን ዕርክነትን ንምህናጽ ትሕትናን ብስለትን ይሓትት። ጎደኒ-ጎደኒ እዚ ኹሉ ስዐ ዕርክነት ስለ ዘሎ ጥንቃቐ የድሊ። ናይ ወዘቢ ሌላ ብቐሊሉ እዩ ዝፍጠር፡ ሓቀኛ ዕርክነት ግና ንምህናጹ ግዜ፡ ንምዕቃቡ ከኣ ሓያል ጻዕሪ የድልዮ። ዕርክነት ንፈተና ዝተቓልዐ እዩ። ጥንቃቐ ይሓትት። ዕርክነት ብዚያዳ ተጻዋርነትን ልቢ ምዕባይን ምስ ዝህልዎ ከኣ ኣዝዩ ብሉጽ ኩይኑ ይዓቢ። ሓቀኛ ዓርኪ፡ ዓርኩ ክህሰ ወይ ክጉዳእ እንከሎ ሰቕ ኢሉ ኣይዕዘብን። ሓቀኛ ዓርኪ ንብጻዩ ካብ ዝረኽቦ የጣፍል። ኣብ ጸግኩ ኩኑት ደሙ፡ ኣብ ጎደኒ ዓርኩ ደው ይብል። ኣብ ግዜ ሽግርካ ዝጠልመካ ዓርክኻ፡ ልክዕ ከምቲ ጸሓይ ምስ ጸሓየ ጸላሉ ዝሀቦ፡ ማይ ምስ መጽአ ከኣ ጸላሉ ዝምንጥለካ እዩ። ክልተኣዊ ዕርክነት ናይ ምትእምማን እምነ-መሰረት እዩ። ሰባት ብዘተፈላለየ ድርኺት ዕርክነት ይፈጥሩ እዮም። ዕርክነት ኣብዞም ዝስዕቡ ክምቀል ይከኣል።



• ናይ ታሕጓስ ዕርክነት፦ እዚ እቲ ዝምድና ማዘናግዕን ማሰሓቕን ክሳብ ዘሎካ ጥራይ ኢኻ ዓርኪ ትኸውን። ደስታን ሓጎስን ምስ ዝጠፍእ ከኣ ዕርክነት ይጠፍእ።


• ናይ ምቹእነት ወይ ናይ ጥቕሚ ዕርክነት ዝበሃል ከኣ ሰባት ገለ ነገር ንምርካብ ኢሎም ዝምስርትዎ ዕርክነት ኮይኑ ነዊሕ ዕድመ ዘይብሉ እዩ። ኣብዚ ሰለስተ ዓይነት ዕርክነት ክርአ ይከኣል እዩ። ናይ ቀረባ ዕርክነት፦ ጉርብብቲ ኣለዉኻ ብሓባር ከኣ ትነብር። ክትሰሕቕ ዘኾነ ነገር ክትለዋወጥ ወይ ንብረት ክትለማመን ጥጡሕ እዩ። ጉርብትና ምስ ዘይህሉ ወይ ምርሕሓቕ ምስ ዝመጽእ ዕርክነት የለን። ናይ ጠቓምነት ዕርክነት፦ ኣዝዩ ሃብታም፡ ብዓል ጺጋ፡ ጠበቓ፡ ሓኪም፡ ኢንጅነር… ወዘተ። ምናልባት እዚ ሓደ እዋን ጥቕሚ ክህልዎ ይኽእል እዩ ኢልካ ዝምስረት ዝምድና እዩ። እዚ ኹሉ ጥቕሙ ምስ ዝጎድል እቲ ዝምድና ይጠፍእ።

• ብናይ ሓባር ጸላኢ ዝመጽእ ዕርክነት፦ ጸላኢ እንተዘየሎ እቲ ዕርክነት የለን።

• ሓቀኛ ዕርክነት፦ እዚ ኣምር እዚ ድማ ኣብ ክልተኣዊ ምትሕብባር ዝተመርኮሰ ዕርክነት እዩ። እዞም ሰባት እዚኦም ኣብ ልቦም ጸጸብቑ ስለዘለዎም ብኡ ተማእዚዞም ድማ ይግዝኡ። ኣብ ባህርን ተወፋይነትን ዝተመርኮሰ ዕርክነት ይውንኑ። ንዊሕ ግዜ ቀጻልነት ኣለዎ። ሰናይ ድሌት ይዓስሎም። ፍቕርምን ዕርክነቶምን ከኣ ዘልኣለማዊ ይኸውን። ዝምድና ዕርክነት ትም ኢሎም ኣይርከቡን ዝመጽኡ። መጠበሲ ኣለዎም። ንኽህሉ ግዜ የድልዮም። ኣብ ለዋህነት ምርድዳእን ኑበሰ ማስዋእትን ዝተመርኮሰ እምበር ኣብ ቅንኢ፡ ስዕ፡ ኣብ ባህሪ ኣሕት ዘተኩረ ኣይኮነን። ዝምድና ከም ወዱኣት ክወሰዱ የብሎምን። ሓንሳብ ምስ ተመስረቱ ብቐጻሊ'የም ክኸስኩሱ ዘለዎም።

"ክትዕወት እንተ ኼንካ ክትገብሮ ዘዎብኣካ ነገራት ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ ንጹርነት ዕላማ፡ እንታይ ከም እትደሊ ምፍላጥ እዩ። ዕላማኻ ንምርካብ ድማ ዘቃጽል ድሌት ምህላው እዩ።"- ናፖልዮን ሂል

## ድሌታትካ ምንጻር



ዕወት ህይወት ካብታ ነፍሲ ወከፍ እትነብሮ ዘላኻ መዓልቲ'ዩ ዝጅምር። ድምር ናይዞም መዓልታት ከኣ'ዩ ዕወት ህይወት ክህብ ዝኽእል። እንታይ ከም እትደሊ ዘይምፍላጥ ግን ኣሸጋሪ እዩ። እንታይ ትደሊ እንተ ፈሊጥካ ጽኑሕካ ብኸመይ ከም ትረኽቦ ኢኻ ትሓስብ። ኑቲ እትደልዮ ጸቡቕ ገርካ ክትፈልጦ ኣሎካ። ሰኣን ድሌታትካ ብጋቡእ ዘይምርዳእ ዝፍጠሩ ጸገማት ቀሊልቲ ኣይኮኑትን። ንድሌታትካ መታን ተንቲንካ ክነርድኦ እንተ ጽሓፍካዮ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ህይወትካ እትደልዮም ዘሎ እንተ ዘርዝርካዮም፡ ኣንፈት ጉዕዞኻ ናብይ ከም ዘሎ ንምርዳእ የቃልለልካ እዩ። ድሌት ደቂ-ሰብ ተንቲንካ ኣይውዳእን እዩ። ብፍላይ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ዝቐየር እንተ ኾይኑ፡ ከመይ ኣብሉ'ሞ ክውዳእ፧ የጉዳስ እኩብ ድምር ዕላማታት ህይወት ሓደ ስለ ዝኾኑ ኣብልካኣብልካ ናብ ሓደ ዕላማ ኢኻ ትኸይድ። ዘድልየካ ጥራይ ብምሕሳብ ኑቲ ዘድልየካ ኣጸሪርካ ከኣ ብምልእ ልብኻ ምስዓብ እዩ እቲ ወሳኒ ነገር። ስለዚ፡ እቲ ንሽኻ እትደልዮ እምበር፡ ንሽኻ ብዙሓ ዘይትደልዮ ክትሕስብ መሪት እንተዓረቡ ትርጉም ኣልቦ እዩ። ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ዝህሉ ድንጋርጋር ኣብ መንገ ድሌትካ ምፍላጥ ከም ኡ'ውን ንዕኡ ምስዓብ እዩ። ክውንነት ዝበሃል ወጽኢት ናይ ሓሳባት እዩ። ክውንነት ኑቲ ዝሓስብናዮ ናብ ግብሪ ምቕያር እዩ። ሽዑ ከኣ ክውንነት ንብሎ። ክውንነት ኮነ ድሌት ዝበሃል ማጠቓለኡ ሓሳብ እዩ። ኣብ ህይወት ግብሪ እንተ ዘይተሓወሶ ሓሳብ ጥራይ ኣኻሊ ከም ዘይካ ኩሉና ኣዳዕዊዕና ንፈልጦ ሓቂ እዩ። ድሌትካ ንኸይትፈልጥ እቲ ዝዓበየ ጸገም ዝኸውን ድሌት ናይ ካልኦት እናተማሃርካ ምዕባይ እዩ። ብዙሕ ሰብ እንታይ ትደሊ ኢልካ እንተ ሓቲትካዮ፡ ብገጹር መልሲ ዘይብሉ ምኻኑ'ዩ። ከም ሳዕቤኑ ሰኣን ድሌቱ ብዘይምፍላጡ ኑቲ ዘይደልዮ ይስዕብ። እቲ ዝደለኻዮ ብጋቡእ ምስ ትፈልጦ ግን ሽዑ ንሱ ንምርካብ መንገዲ ህይወትካ ኣጸሪርካ ምስ ምሉእ ኣደህቦኻ ኢኻ ትሰርሕ።

## ጥቕስታት መዘናግዒ

- "ይቕረ ምሕታት፡ ንፍቕሪ ቀዳምነት ምሃብ'ዩ።" - ማሃትማ ጋንዲ
- "ንህበስይ ከምዚ ክብል ኩሉ ግዜ እሓቶ፡ 'ሎሚ እታ ናይ መወዳእታ መዓልተይ እንተ ትኸውን እንታይ ምገበርኩ፧' ኩሉ ግዜ ከኣ ከምዚ ኢለ እምልስ፡ "ካብዞን ዝሓለፋ መዓልታት ዝበዝሕ መዓልቲ ኣሎ፡ ስለዚ ሓደ ነገር ዝፈልጠኩዎ እንተሎ ንህበስይ ካብ ሎሚ ጀሚረ ክቕይራ ከም ዘለኒ'ዩ።" - ስቲቭ ጆብስ
- "ንፍቕሪ ዝያዳ ምፍቃር እንተ ዘይክኢሉ ካልእ መድሃኒት የብሉን።" - ቶሩ
- "ደቂ-ኣንስትዮ ህዱእ ወዲ እዮን ዝፈትዋ። ምኽንያቱ ብጽሞና ይሰምዐ'ዩ ኢለን ስለ ዝሓስባ።" - ማርቼል ኣርቻርድ
- "ኣብ መንነ መጽሓፍ ንሽንኑብዐ ዝጽርፍ ሰብን መጽሓፍ ንሽንኑብዐ ዝሰልኩዮ ሰብን ኣዝዩ ዝኸፍ ፍልልይ ኣሎ።" - ቸስተርቶን
- "ንህበስና ዝያዳ እናፈለጥናያ ኣብ ንኸደሉ፡ ዝያዳ ኢና ይቕረ ንበሎ።" - ኮንፊሽየስ

## ሕቶ ዝተመሳቐለ ቃላት

*መም/ ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)*

### ንጋድም

1. ውላድ ድሙ
3. እኹል መንእሰይ
6. ልምዲ፡ ወልፊ
8. መሪር ዕንዲዳ
10. ልሳን
12. ምጥያቕ፡ ምውካስ
14. ዓደስ
15. መሰርዕ፡ ሪጋ
17. ካብ ውራያት ሓጉስ
18. እሳር፡ ጥባቕ
20. ሰብኣያ ዝሞታ ሰበይቲ
22. መተሓላለፊ ፈሳሲ
24. ብጉዳይ ካልእ ዝግበር ሓጺር ጉዕዞ
25. ሰቕ
27. ሓጺር ዝእጅግኡ ጃኬት
28. ጸባ እትሕለብ እንስሳ
30. ኣብ ሻሂ ዝኣቱ ተኽሊ
32. ኣይትሓዘለይ፡ ተጋግየ
34. ኣንጻር ኩናት
36. ኣብ ቡን እነእትዎ ቀመም
38. መኸዓቲ ሓመድ
39. ብዓልቲ ቤቱ ንወዲ
40. ምግርጫው፡ ምብኣስ
43. ብዛሕሊ ወይ ሙቐት እትለዓል ሕማም ጎረሮ
45. ትብልዕ ኣላ። (ክንዲ ስም)
46. ኣብ ዓይኒ ዝኣቱ ግዛዕ
48. ብዘይ ጭቃ ዝሰራሕ መንደቕ
50. 'ቲባ' ከምዘላታ
51. ንብዓት ንመውጽኢ ዝጠቕሙ መትረባት ኣካል
52. ደስታ፡ ሓጉስ

### ንትኹል

1. ስራሕ፡ ዕዮ
2. መከላኸሊ
3. ኣብ ምድሪ ቤት ዝንስነስ
4. ብድፍረት፡ ብጭከና
5. ንዕዑ መሰለ
6. ኩብቲ
7. ብኣፍ ዝኣቱ ፈሳሲ
9. ናይ ምሕታም ስራሕ
11. ኣብ ቦኽሪ ዝመልአ ብዝሒ ኣኽሊ
13. ኣብ ግዜ ጾም ዝስራሕ መግቢ
16. ሃሩር፡ ሙቐት
19. ብሕልፊ፡ ኣውራ'ኳ
21. ልሙዕ፡ ቀጻል
23. ንቑልዓ (ሕሙም) ዝኸውን ስብቆ ዝመስል መግቢ
26. ዕሽነት
29. ምጥፋእ፡ ምህላኽ
30. ባህላዊ ግጥሚ
33. ናይ ምርባሕ ቁጽሪ ተግባር
35. ከም ንትኹል ቁጽሪ 28
37. መጻምድቲ ኣብዑር ማሕረስ
39. ረሳሕ፡ ግዕዘይ
41. ቁጽራዊ
42. ሓደ ኩን፡ ሕበር
44. ካብ ባልዓት
47. ቤት፡ እንዳ
49. ኣብ ገበር ሰታሪት ካብ ዝጸሓፍ

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | 2 | ■ | 3 | 4 | | 5 | ■ | 6 | 7 | |
| | ■ | 8 | 9 | | | ■ | 10 | 11 | | | ■ |
| 12 | 13 | | | ■ | 14 | | | | ■ | 15 | 16 |
| ■ | | ■ | 17 | | | ■ | 18 | | 19 | ■ | |
| 20 | | 21 | | ■ | 22 | 23 | ■ | 24 | | ■ | |
| ■ | 25 | | ■ | 26 | ■ | 27 | | ■ | 28 | 29 | ■ |
| 30 | ■ | 31 | | | ■ | | ■ | ■ | 32 | | 33 |
| 34 | 35 | | ■ | 36 | | | | 37 | ■ | 38 | |
| ■ | | ■ | 39 | | ■ | ■ | ■ | 40 | 41 | | |
| 42 | ■ | ■ | 43 | | 44 | ■ | ■ | 45 | | ■ | |
| 46 | | 47 | | ■ | 48 | 49 | ■ | 50 | | ■ | ■ |
| | ■ | | ■ | 51 | | | | ■ | 52 | | |

## ብቕኑዕ ኣተሓሳስባ ጌጋታት ምንኪይ

- ጌጋ ምስ ዘጋጥም ተሰኣ ዘይምቑራጽ። ጌጋ ምፍጻም መወዳእታ ናይ ዝኾነ ነገር ኣይኮነን።
- ብህድኣት ንጌጋኻ ምፍታሽ። ካብ'ቲ ጌጋ ብምምሃር ብሓደሽ መንፈስ ምብጋስ።
- ናይ ሕሉፍ ጌጋታትካ ስእሉ-ኣእምሮ ኣይሃልኻ፡ ምኽንያቱ ጠንቂ ድፍኢት ዶሞግይ ውድቀት ክኸውን ስለ ዝኽእል።
- ንጌጋ ናይ ምብዳህ ሓያል ወሸጣዊ ኣተሓሳስባ ይሃልኻ።
- ንባህርን ኣተሓሳስባን ብምምሕያሽ ክውንነታዊ ሓሳባትን ስጉምትታትን ምውናን።
- ብፍርሕን ካልእን ዝጠበሱ ንምራልካ ዘናኽሙ ነገራት ምዕባስ።
- መዓልታዊ ዓወታት ዝምህሩ ጽሑፋት ምንባብ።
- ኩሉ ግዜ ዝበለጸ ከም እትሰርሕ እመን፡ ኑበሽኻ ናብ ዕብየት ትስጉም ኣሎ፡ እንተ ዘይኮይኑ ኣኸሊዋ እዩ ኣይትብል። ካብ ንዝበለጸ ጉዕዞ ምፍታን ኣይተቋረጽ።
- እቲ ዝልዓለ ናይ ኩሉ ግዜ ውልቃዊ ፈተና፡ "ኣነ ቅኑዕ ሰብ ድየ፧" እናበልካ ንህበሽካ ምውካስ'ዩ። ቅኑዕ እንተ ኼንካ ነገራት'ውን ቅኑዓት ክኾኑልካ እዮም።

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሪፖርታዥ

# ሳልሳይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን ብድሙቕ ኣገባብ ተኻይዱ

ኣሮን ተስፋኣለም







ሃማመተኤ፣ ምስ ድምቀት መበል 35 ብዓል ናጽነትና ብምስናይ ካብ 20-21 ግንቦት 2026 ካብ ኣርባዕተ ዞባታትን ኮለጃትን ዝመጹ መንእሰያት መሃዝትን ሰናዕትን ዝሳተፍዎ፡ ሳልኣይ ሃገራዊ ውድድርን ምርኢትን ምህዞን ሰንዓን ኣካይዱ። ኣብቲ ኣጋጣሚ እቶም ልዕሊ ክልተ ዓመት ምስ ምህዞን ሰንዓን ዝተኣሳሰር ሞያዊ ስልጠና ክወስዱ ዝጸንሑ ልዕሊ 100 መንእሰያት'ውን ንመመረቕታ በቒዮም።

20 ግንቦት 2026 ሰዓት 9:00 ቅ.ቐ. መመረቕታ ሰልጠንቲ ክለብ ምህዞን ሰንዓን ከምኡ እውን መኽፈቲ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን ንኽካየድ ተወጢኑ። በዚ መሰረት ወለድን ዕዱማት ኣጋይሽን ካበየ ቦታኦም ናብ ቀጽሪ ማእከል ዋኒንን ምህዞን ሰንዓን ሃማመተኤ ወሓዙ። ሰበ ስልጣን መንግስትን ግንባርን ብመሰረት ዝተገብረሎም ዕድመ ኣብቲ ቀጽሪ ተረኺቡ። ብምቕጻል ኵሎም ብሓባር ነቲ ብተወዳደርትን ሰልጠንትን ዝተዳለወ ብርኩት ስረሓት ምህዞን ሰንዓን ተዓዚቦም፡ ናብቲ ወግዓዊ ስነ ስርዓት መኽፈቲ ዝካየደሉ ኣዳራሽ ዳዕሮ ኣበሉ። ኣይጸንሑን እቶም ብጫ ጅለ ዝድቪዘኦም ተማሃሮ ወይ ሰልጠንቲ ማእከል ዋኒንን ምህዞን ሰንዓን ምስ መምህራኖም ናብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ደበኽ በሉ። ከምኡ'ውን ካበየ ዞባታትን ኮለጃትን ኤርትራ ዝተኣኻኸቡ ተወዳደርቲ ምህዞን ሰንዓን ስዒቦም ድሕሪ ምምጻእ ንኣደራሽ ዳዕሮ ምልኣት ወሰኹላን ፋሕ-ፋሕ ኣበሉዋን።

ኣጋይሽ ብምዕሩጋት ተሰለፊቲ ናይ ቍርሲ እንግዶት ንኽቛርፉ ምስ ተኣንገዱ፡ መደብ 'ሀ' ኢሉ ብዝክረ ሰማእታት ፈለመ።

መራሒት መደብ ምስ መደባት ድሕሪ ምልላያ፣ ንኣወሃሃዲት ኮሚተ ብምውካል፡ ሓላፊት ኣሃዱ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ስልጠናታትን ትምህርትን፡ መንእሰይ ሄለን መኸታ'ያ መኽፈቲ ቃል ሂባ። መንእሰይ ሄለን ኣብ ዘስምዓቶ ቃል፡ "ዕላማ ናይዚ መደብ፡ ፈጠራዊ ሓሳብ ምትብባዕ፡ ብድሆታትን ሕጽረታትን ሕብረተሰብ ብሓሳብን ተባላሓትነትን ምፍታሕ፡ ኣብ ፈጠራዊ ሓሳብ ምህዞን ሰንዓን ፍሉይ ክእለትን ዝንባለን ዘሎዎም ዜጋታት ምልላይን ክእለቶም ኣብ ረብሓ ሕብረተሰብ ከም ዝውዕል ምግባርን፣ መንእሰያት ፈጠራዊ ሓሳቦም ናብ ግብሪ ከስግሩዎን ወነንቲ ዋኒን ንክኾኑ ምትብባዕን፣ ከምኡ'ውን ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ ዓውዲ ምህዞን ሰንዓን ከም ዝብርኽ ምግባርን እዩ፡" ብምባል ገሊጻ።

ቀጺሉ ዝቐረበ መደብ ብሉል ኦድዮ ቪዥዋል ዝተዳለወ፡ ንስልጠና ክለብ ምህዞን ሰንዓን ዝምልከት ሰነዳዊ ፊልም እዩ። እቲ ሰነዳዊ ፊልም፡ ሓሳባት መምህራን ብዛዕባ'ቲ ዝነበረ ስልጠናን ኣብ ልዕሊ ተማሃሮኦም ዘሎዎም ርእቶታትን ዘካተተ እዩ ነይሩ። ንኣብነት፣ ዝተጠቐሙሉ ኣገባብ ኣመሃህራ ኣብ ግብራውነት ዝተኮረ ብምንባሩ፡ ተማሃሮ ብስነ ፍልጠት ዝተሰነየ ኣገባብ ኣሰራርሓ ብኣጋኦም ንኽለማመዱ ዘኽእል ምኽኑን ኣብ መጻኢ ድማ እዚ ኣገባብ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ንኽሕዙን ንኽተግብሩን ከዳልዎም ከም ዘኽእልን ዘረድእ ርእቶታት መምህራን ክቐርብ እንከሎ፡ ብወገን ተማሃሮ ድማ ኣብዚ ስልጠና ንዘኽሰቡዎ ፍልጠት ጠቒሶምን ዝተማህሩዎ ትምህርቲ ነብሰ ተኣማንነቶም ዘዕቢ ኮይኑ ከም ዘረኽቡዎ መስኪሮምን።



ኣብ መወዳእታ፡ ምዕዳል ምስክር ወረቐት ሰልጠንቲ ማእከል ዋኒንን ምህዞን ሰንዓን እዩ ተኻይዱ። ብተመሳሳሊ መምህራን ማእከል ዋኒንን ምህዞን ሰንዓን'ውን ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሰበ ስልጣን መንግስትን ሓለፍቲ ግንባርን ምስክር ወረቐት ተቐቢሎም። ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ዝነበረ ሰዓት 9:00 ቅ.ቐ. ዝጀመረ ወግዓዊ መኽፈቲ ስነ ስርዓት ክሳዕ ሰዓት 11:00 ቅ.ቐ. እዩ ጸኒሑ።

ድሕሪ ወግዓዊ መኽፈቲ መደብ ምኽያዱ፡ ምርኢት ናይቶም ተቐሪቦም ዝነበሩ ምህዞታት እዩ ቀጺሉ። ነቲ ምዕሩግ ምርኢት ድማ ተማሃሮ፡ ህዝቢ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ዕዱማት ኣጋይሽ ተዓዚቦሞን ኣስተማቒሮሞን። 21 ግንቦት ሰዓት 5 ድሕሪ ቀትሪ ድማ ወግዓዊ ናይ መዛዘሚ ጽንብል ተሰላሲሉ።

ኣብቲ ናይ መዛዘሚ መደብ፡ ተወዳደርቲ ምስክር ወረቐት፡ ዕዉታት ድማ መተባብዒ ሽልማት ካብ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ግንባርን ማሕበርን ተቐቢሎም። ኣቦ መንበር ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዝሃቦ ናይ መዛዘሚ ቃል፣ "መንእሰያት መሃዝቲ ሃገራውያን እዮም። ምኽንያቱ ጸገማት ሕብረተሰብ ክፈትሑ ዝተበገሱ ቀንዲ ረቛሒ፡ ናይ ሃገራውነት ስምዒቶም እዩ ዝብል እምነት እዩ ዘሎኒ፡" ብምባል ኣብ መንእሰያት መሃዝቲ ዘሎዎ መረዳእታን ትጽቢትን ኣብቲ ኣጋጣሚ ገሊጹ። ብተወሳኺ ኣቶ ሳልሕ፣ "ዕቤት ናይዚ ማእከል ብሓገዝ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ፡ ሰብ ጸጋ ኤርትራውያን፡ ልዑል ተገዳስነት መንእሰያት ብዓቢኡ ድማ ዘይጽንቀቕ ወንን ባህግን መሃዝቲ መንእሰያትና'ዩ ዝረጋገጽ፡" ብምባል ለበዋኡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣመሓላሊፉ።

በዚ ምዕሩግ ናይ መዛዘሚ መደብ ድማ እቲ ክልተ መዓልቲ ዝወሰደ ሳልሳይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን ተዛዚሙ።

# 5ተ ንሓንጎልና ዘዕንዉ ልምድታት

4 ምትካኽ ሽጋራ

ብዙሕ ግዜ ኣሉታዊ ጎድኒ ወይ ሳዕቤን ናይ ምትካኽ ሽጋራ ክግለጽ ሰሚዕና ኢና። ምትካኽ ሽጋራ ምስ'ቲ ኹሉ ዘለዎ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣብ ምንቁልቋል ዕዮ ሓንጎል'ውን ዝለዓለ ተራ'ዩ ዝጻወት። ምትካኽ ሽጋራ ናብ ሓንጎል ዝኸይድ ዋሕዚ ኣኮሰጅን ከም ዝሰናኸል ስለ ዝገብር ሓንጎልና በቲ ጉቡእ ዓቐን ንኸይዓዪ ይዕንቅጾ።

5 ብዙሕ ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ

ውሑድ ዓቐን ቢራ ወይ ነቢት ምስታይ ኣይከኑነን። ውሉፍ ምኳን'ዩ እቲ ዝገደደ ሳዕቤን። ብዙሕ ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ቀጻሊ ምስ እንሰቲ ኣብ ኣካላትና ሕጽረት ቫይታሚን ቢ. ዋንን ማግኔዥዩምን ከም ዝህልወና ይገብር። ሕጽረት ቢ.1 ድማ ምድንጋር፡ ምጥፋእ ናይ ምዝካር ዓቕምና፡ ምጉዳል ኣእምሮኣዊ ንቕሓትን ስምዒትን ከም ዝህልዎና ይገብር። እኹል ማግኔዝዝዩም ምስ ዘይህልወና ድማ ጸቕጥን ምምዝባልን የስዕበልና። ነዞም ክልተ ደሚርና ምስ እንምልከቶም ድማ ኣልኮል ኣብ ሓንጎልና ክንድ ምንታይ ዕንወት ክፈጥረልና ከም ዝኽእል ንርዳእ።

6 ተዓዚምካ ወይ ኮፍ ኢልካ ናብራኻ ምስልሳል

ንዝተወሰነ ግዜ ኣብ ሳሎን ኮፍ ወይ በጥ ኢልካ ምዝናይ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን። እኳ ድኣ ንጥዕናናውን ኣዝዩ ጽቡቕ። ይኹን እምበር ምሉእ መዓልቲ ኮፍ ኢልካ ስራሕካ ምስልሳል ኩነ ምዝንጋዕ መላእ ኣካላትና ሓንጎልና ሓዊስካ ጎዳእዩ። ዘይንጡፍ ህይወት ምስልሳል ከም ሽኮርን ሕማም ልብን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ሕማማት ምምሕዛው ማለትዩ። እዚ ኸኣ ብቐጥታ ምስ ናይ ሓንጎል ምሕማም ዝተተሓሓዘዩ። ስለዚ ብውሕዱ ዕለታዊ ሓድሽ ንፋስ ንምርካብ ክንቀሳቐስ ኣለና። ብዝያዳ ዝተንቀሳቐስናሉ ሓንጎልና ዝያዳ ንኽጥዕይ ንገብር ኣለና።

7 ኣብ ሓደ ግዜ ብዙሕ ዕዮ



ምስልሳል

ኣብ ሓደ ግዜ ክልተን ልዕሊኡን ስራሕ ምዕያይ ጽቡቕ ይመስለና 'ተጻኒሑ ተጋጊና ኣለና። መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ ኣብ ሓደ ግዜ ብዙሕ ዕዮ ዘሰላስሉ ሰባት ንሓንጎሎም ይጎድእዎ ምኳኖም'ዩ። እዚ ዝኾነሉ ሓንጎል፡ ንስምዒታዊ ምቍጽጻር፡ ውሳነ ምሃብ ካልኦትን ዝኣመሰሉ ነገራት ምስ ተጸምደ'ዩ። ኣብ ሓደ ግዜ ብዙሕ ዕዮታት ኣብ ነሰላስለሉ ግዜ ድማ ሓንጎል ነዞም ስርሓት ኣብ ሓደ ግዜ ኸተግብሮም ስለ ዝግደድ ንኽውጠርን ክውሓጥን ይግደድ። በዚ ኸኣ ጉድኣት የስዕበሉ።

8 እኹል ድቃስ ዘይምድቃስ

ድቃስ ንጥዕና ሓንጎልና ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ድሕሪ ነዊሕ ድኻም እንረኽቦ ድቃስ ንሓንጎልና ጽቡቕ'ዩ። ክንድቅስ ምስ ዘይንኽእል ግን ሓደገኛ ይኸውን። እኹል ድቃስ ዘይምድቃስ ናይ ሓንጎል ዋህዮ ከም ዝሞቱ ብምግባር፡ ናይ ምዝካር ክእለት ብምጥፋእ ሕማም ኣልዛይመር ከስዕበልና ይኽእል። ስለዚ ብዝተኻእለ መጠን መዓልታዊ 8 ሰዓታት ክንድቅስ ክንክእል ኣለና።

መጽሔት መንእሰይ ቍ.77

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኣመሪካ፡ ንወተሃደራዊ ዒላማታት ኢራን ደብዲባ



ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ንወተሃደራዊ ዒላማታት ኢራን ከም ዝደብደበት ኣፍሊጣ፡፡

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ድማ፡ ከም ግብረ መልሲ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ትማሊ ሰኑይ ንመዓስከር ኣመሪካ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደ ሓቢሩ፡፡

ኣመሪካን ኢራንን ኣብ መጀመርታ ዝሓለፈ ሚያዝያ ተኹሲ ደው ምባል ካብ ዝጀምራ ንደሓር ብተደጋጋሚ ይጠቓቕዓ ብምህላወን፡ ኣብ መንጎአን ነባሪ ስምምዕ ሰላም ንምኽታም ኣብ ዘኻእል ዲፕሎማሲያዊ ዓወት ንምብጻሕ ነዊሕ ግዜ ከም ዝወስደለን እዩ ዝግለጽ ዘሎ፡፡

እቲ ኣብ ዝሓለፈ መወዳእታ ሰሙን ኣመሪካ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኢራን ዘካየደቶ መጥቃዕቲ፡ ንምውቃዕ ናይታ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ማያት ትብርር ንዝነበረት 'MQ-1' ዝተባህለት ሰብ ኣልቦ ነፋሪት ዘጠቓለለ ወተሃደራዊ ተግባራት ኢራን ምላሽ ዝሃበ ምንባሩ፡ ማእከላይ እዚ ኣመሪካ ኣብ ኤክስ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ ኣመልኪቱ፡፡

"ነፈርቲ ውግእ ኣመሪካ፡ ንስርዓት ምክልኻል ኣየር ኢራን፡ ናይ መሬት መቆጻጸሪ መደበርን ኣብ ዞባዊ ማያት ንዘንቀሳቐሳ መራኽብ ሓደጋ ዘስዕባ ዝተባህላ ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ብምፍጻም ቅልጡፍ ምላሽ ሂበን ኣለዋ" ክብል እቲ እዚ ሓቢሩ፡፡

ማእከላይ እዚ ኣመሪካ ወሲኹ፡ በቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ንበረትን ረብሓታትን ኣመሪካ ኣብቲ ዞባ ምሕላው ክቕጽል ምዃኑ ገሊጹ፡፡

እቲ ብ28 ለካቲት ብኣመሪካን እስራኤልን ዝተጀመረ ኲናት፡ ኣብ ኢራንን ሊባኖስን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ዝቐተለ ኮይኑ፡ ኢራን ንመጸበቢ ሆርሙዝ ብኣድማዒ መንገዲ ድሕሪ ምዕጻዋ ዝተረኽየ ናህሪ ዋጋታት ጸዓት፡ ከቢድ ዓለማዊ ቁጠባዊ ቅልውላው ኣስዒቡ ከም ዘርከበ ይፍለጥ፡፡

## ናታንያሁ፡ ዕርድታት ሕዝቦላህ ክፈርስ ኣዘዙ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ፡ ሰራዊት ሃገሩ ኣብ ከባቢ ርእሲ ከተማ ሊባኖስ - በይሩት ንዝርከብ



ዕርዲታት ዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህ ክጥቅዕ ትማሊ ሰኑይ ትእዛዝ ከም ዘመሓላለፈ ተሓቢሩ፡፡

"ብሕዝቦላህ ዝፍጸም ዘሎ ተደጋጋሚ ምጥሓስ ምቁራጽ ተኹሲን ኣብ ልዕሊ ከተማታትናን ዜጋታትናን ዝተፈጸመ መጥቃዕትታትን ሰዒቡ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር በንያሚን ናታንያሁን ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል ካትዝን ካብ በይሩት ናብ ደቡብ ኣንፊት ንዝርከብ ጸንዓ ዕርድታት ናይቲ ጉጅለ ብጽዑቕ ደብዲብ ክፍኡ ንሰራዊት ኣዚዞም ኣለው" ክብል ካብ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ዝወጸ መግለጺ ኣረዲኡ፡፡

ወተሃደራት እስራኤልን ሕዝቦላህን ድሕሪ'ቲ ኣብ መፋርቕ ሚያዝያ ዝጸሓፈ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ዶምጋይ ተኹሲ ክለዋወጡ ጀሚሮም ከም ዘለው ይፍለጥ፡፡

ሊባኖስ፡ ኲናት ኢራን ናብ መሬታ ልሒሙ ብሓዊ ትልብለብ ዘላ ሃገር ኮይና፡ ካብ 2 መጋቢት ንደሓር ልዕሊ 1.2 ሚልዮን ዜጋታታ ብመጥቃዕትን ትእዛዝን እስራኤል ካብ መረበዮም ተመዛቢሎም ከም ዘርከቡ ይሕበር፡፡

በቲ ኲናት፡ ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 3,370 ሰባት ከም ዝሞቱ መንግስቲ ሊባኖስ ክሕብር እንከሎ፡ እስራኤል ድማ 24 ወተሃደራታን ኣርባዕተ ሲቪላውያን ሰባትን ከም ዝተቐትለዋ ትገልጽ፡፡

## ግብጺ - ጥንታዊ ቅርሲታት ተረኺቡ

ሰበ ስልጣን ግብጺ፡ ትማሊ ሰንበት ኣብ ደቡብ ካይሮ ኣብ ዝርከብ ኣውራጃ ቤኒ ሱፍ፡ ኣብ ጥንታዊት ግብጽን ዘመነ ግሪኽሮማን ዝነበሩ ቅርሲታት ከም ዝረኸቡ ኣፍሊጦም፡፡

ሚኒስትሪ ቱሪዝምን ጥንታዊ ቅርሲታትን ናይ'ታ ሃገር ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ እቲ ብጉጅለ ክኢላታት ስነ ኩዕታ ናይታ ሃገር ኣብ 'ኢህናስያ ኣል-መዲና' ዝተገብረ ኩዕታ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሃይማኖታውን ባህላውን ታሪኻት ናይታ ጥንታዊት ከተማ ሓደሽ ብርሃን ዝሁብ ምዃኑ ሓቢሩ፡፡

ገለ ካብ'ቲ ኣብ'ታ ከተማ ዝተረኽበ ቀንዲ ቅርሲታት፡ ናይ ፈርዖን ሰሰራት ሳልሳይ ናይ ዘውዲን ልደትን ስም ዝሓዘ እምኒ ምዃኑ ድማ ኣፍሊጡ፡፡

ዋና ጸሓፊ ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ጥንታዊ ቅርሲታት ግብጺ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ፈርዖን ብታሪኽ ምስ ሓያሎ ኣብ'ቲ ቦታ ዝርከቡ ዓበይቲ ሓወልትታት ዝተኣሳሰረ ብምንባሩ፡ እቲ



ተረኺቡ ዘሎ ቅርሲታት፡ ብዛዕባ ንጉስ ሰሰራት ሳልሳይ ሓበሬታ ምርካብ ዝሕግዝ ኣገዳሲ ርኽቡት ምዃኑ ኣረዲኡ፡፡

ኣብቲ ዝተኻየደ ኩዕታ ብተወሳኺ፡ መዋቕር ናይ ሓደ ሮማዊ ቤት ክርስትያን፡ ተረፍ መረፍ ቤተ መቕደስ ጥንታዊት ደረኽ፡ ቁርጽራጽ ሓወልትታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዘመን ሮማውያን ንመቕረጺ ሳንቲም ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ቅርጺታት ከም ዝተረኽበ ተፈሊጡ'ሎ፡፡

ሓንቲ ካብ'ቶም ኣገደስቲ ስነ ጥንታዊ ቦታታት ግብጺ ዝኾነት ኢህናስያ ኣል-መዲና፡ ኣብ ዘመን ነገስታት ግሪኽን ሮማን ዝማዕበለት ኮይና፡ ኣቐዲማ 'ሄራክሊዮፖሊስ ማግና' ተባሂላ'ያ ትፍለጥ ነይራ፡፡

## ሩስያ፡ ሰደድ ነዳዲ ነፈርቲ ንግዚኡ ኣቋሪጻቶ


መንግስቲ ሩስያ፡ ሰደድ ነዳዲ ነፈርቲ ክሳብ 30 ሕዳር ደው ከም ዘበለ ትማሊ ሰኑይ ገሊጹ፡፡

ሩስያ፡ ነዳዲ ነፈርቲ ብባቡር ናብ ካዛኪስታን፡ ኪርጊስታን፡ ታጂኪስታንን ኡዝቤኪስታንን ዝርከበአን ሃገራት ማእከላይ ኤስያ ክትሰድድ ምጽንሓ ይፍለጥ፡፡

"ዕላማ ናይ'ዚ ውሳነ'ዚ፡ ውሽጣዊ ዕዳጋ ነዳዲ ንምርግጋእ ዝዓለመ'ዩ" ክብል ድማ መግለጺ ናይቲ መንግስቲ ኣነጺሩ፡፡

ሩስያ፡ ንሰደድ ነዳዲ ገዲባቶ እኳ እንተ ጸንሐት፡ ኣብ ነዳዲ ነፈርቲ ግን ክሳብ ሕጂ ስጉምቲ ኣይወሰደትን ጸኒሓ፡፡

ምህርቲ ናፍታ ኣብ ሩስያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት ሚያዝያን ግንቦትን ብኣስታት 10 ሚእታዊት ከም ዝነከየ፡ እዚ ድማ በቲ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ መጻረዩታት ነዳዲ ናይታ ሃገር ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዝሰዓበ ምዃኑ፡ ጸብጻብ ሮይተርስ የመልክት፡፡



## ሚያንማር - ብሓደጋ ባርዕ ብውሑዱ 46 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሚያንማር፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዕጡቓት ኣብ እትርከብ ሓንቲ ቁሸት ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ፡ ብውሑዱ 46 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ናይ'ታ ሃገር ንቢቢሲ ሓቢሮም፡፡



በቲ ባርዕ፡ ኣብ'ታ ቁሸት ኣስታት 200 ኣባይቲ፡ ኣብ ጥቓኣ ኣብ እትርከብ ካልእ ቁሸት ድማ 100 ኣባይቲ ከም ዝዓነው፡ ሰብ መዚ ናይ'ታ ሃገር ኣፍሊጦም፡፡

ኑቲ ከባቢ ዝቆጻጸርን ኣንጻር ወተሃደራዊ መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ክቃለስ ዝጸንሐን 'ሃገራዊ ሰራዊት ሓርነት ታኣንግ' (TNLA) ዝተባህለ ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ፡ ኣብ ዕደና ማዕድናት ዝውዕሉ ኣብ መኽዘን ዝተቐመጡ ኑተጉቲታት ብምፍንጃሮም እቲ ሓደጋ ከም ዘጋጠመ ገሊጹ፡፡

እቶም 46 ግዳያት፡ ሰለስተ ቻይናውያን ዝርከብዎም ኮይኖም፡ ኩሎም በቲ ትማሊ ሰንበት ዘጋጠመ ሓደጋ ኣካላቶም ምሉእ ብምሉእ ከም ዝከደደ ድማ ኣመልኪቱ፡፡

ኣስታት 74 በቲ ባርዕ ዝቖሰሉ ሰባት ከኣ ኣብ ሕክምና ተዓቚቦም ክንክን ይግበረሎም ምህላዉ፡ እቲ ጉጅለ ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

እቲ ዕጡቕ ጉጅሌ፡ ቅድሚ ሕጂ ብበርማ ዝፍለጥ ዝነበረ ኮይኑ፡ ኣብ ሚያንማር ካብ ዝርከቡ ሓያል ዕጡቓት ተቓወምቲ ጉጅለታት ሓደ እዩ፡፡

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ፍረ-ኣውሊዕ | 02/6/2026 | ጎደና ዓዲ ኣቢይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565